
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.170 | ሰሉስ 18 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሱዳን - 11 ሬሳ ኣብ ዒለተረኺቡ


ገጽ 4
ሕማቕ ጨና ኣፍ - Halitosis


ገጽ 5
ኣበርክቶ መለእ ስምሪ


ገጽ 11
ቅድድም ብሽክለታ - ንዝኽሪ ተቓዳደምቲ ውድድር ተኻይዱ


# ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 2ይ ደረጃ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ስዑድያን ክወሃብ ጀሚሩ





ስእሊ-ዮውሃንስ መብራህቱ

ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ማለት 'ማትሪክ'፡ ሎሚ 17 መጋቢት ኣብ መላእ ሃገር ከምኡ'ውን ኣብ ሪያድን ጅዳን - ስዑዲ ዓረብ፡ ብጠቕላላ ኣብ 16 ነቑጣታት ክወሃብ ጀሚሩ።

ኣብ'ዚ ብ12 ዓውድታት ትምህርቲ ክሳብ 23 መጋቢት ዝቕጽል ሃገራዊ ፈተና፡ 50 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 24,306 ተፈተንቲ ይሳተፉ ኣለዉ።

ካብ ተፈተንቲ፡ 84.1 ሚእታዊት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክከታተሉ ዝጸንሑ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ስዉኣት ክኾኑ ከለዉ፡ 3,861 ዳግማይ ተፈተንቲ ምዃኖም ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዝርከቡ 61 ናይ ሕጊ ተኣረምቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍዓበት፡ ዓረታይ፡ መንሱራን ሓጋዝን መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክከታተላ ዝጸንሓ 54 ደቂ-ኣንስትዮ እውን ኣብ'ዚ ሃገራዊ ፈተና ይሳተፋ ኣለዋ።

ናይ ሎሚ ዓመት ቀጽሪ ተሳተፍቲ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ10.6 ሚእታዊት ወሰኽ ከም ዘርኣየ፡ ካብ ማእከል ምዘናን ግምጋምን ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዝተረኽበ ሓበሬታ የጸርር።

# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 69 ኣኼባ ኮሚሽን ደቂኣንስትዮ ይሳተፍ ኣሎ

ብፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 10 ክሳብ 21 መጋቢት ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝቃናዕ ዘሎ መበል 69 ኣኼባ ኮሚሽን ኩነታት ደቀኣንስትዮ ይሳተፍ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ፡ ብ'Beijing+30' ዝፍለጡ ሽቶታት ምዕሩይ ዕድላት ደቀኣንስትዮ ኣብ ቁጠባ፡ ፖለቲካን ቴክኖሎጅን ንምርግጋጽ ክተዩዱ ዝጸንሑን ዘለዉን መደባት ብምግምጋም፡ ሃገራትን ማሕበራት ደቀኣንስትዮን ተሞክሮታተን የካፍላ ኣለዋ።

ልኡኽ ኤርትራ ብወገኑ፡ ዝተፈላለየ ቴማታት ኣብ ዘለዎ ኣኼባታት ብምስታፍ፡ ታሪኽን ተመክሮን ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነት ብምግላጽ፡ ንተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ኣብ ኩሉመዳያት ህንጸት ሃገር ዘብርህ ዝርዝራዊ ሓበሬታ የቕርብ ኣሎ።

ጎኒ-ጎኒ'ቲ ዝቕጽል ዘሎ ኣኼባታት፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ፡ ምስ ወከልቲ ሩስያ፡ ኬንያ፡ ፊሊፒንስ ኩባ፡ ታንዛንያ፡ ከምኡውን ምስ ፕረዚደንት ሃገራዊ ባይቶ ደቀኣንስትዮ ግብጺ ተራኺባ ኣብ ጉዳይ ምዕሩይ ተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ዘተያ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ወ/ሮ ተኽኣ፡ ፖሊሲታት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ መሬትን ምውጋድ ጎዳኢ ልምድታትን፡ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ኣብ ትምህርትን መራሕነትን ክብ ንምባል ዝቕጽል ዘሎ ጻዕርን ኺጋሱን ኣተኩራ መብርሂ ሂባ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምዕባለ ደቀኣንስትዮ ዝተመርኮሰ ክልተኣዊ ዝምድና ንምሕያል፣ ኣብ ጉዳይ ደቀኣንስትዮ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ሓቢርካ ንምስራሕን ተመኩሮታት ንምልውዋጥን ቀጻሊ ርክባት ክህሉ ተሳቢዩ።

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ወማዊውን ጎድናውን ኣኼባታት ብምስታፍ፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ምዕሩይ ተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ንምርዳእ ንጡፍ ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ።



# ማይ-ዓይኒ- ንሽማግለታት ዕርቂ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ንሽማግለታት ዕርቂ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ኣስተምህሮ፡ ብ12 መጋቢት ተዋሂቡ።

እቲ ብኣወሃሃዲ ሽማግለታት ዕርቂ ኣቶ ሙሴ ተኸስተ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ንመምርሒታት ስራሕ ዝምልከት ኮይኑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘጋጥም ምስሕሓባትን ክርክራትን፡ ያታዊ ማሕሪኣት ዕርቂ ተኸቲልካ ንምፍትሑ ዝዓለመ'ዩ።

ንኣበርክቶ ሽምግልና ኣብ ምስፋን ሰላምን ሰቲትን ኣብ ሕብረተሰብና ዝጠቐሰ መንእሰይ ሙሴ፡ ኣብ ያታዊ ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭታት ብምትኳር ማሕበራዊ ክብረታት ንምዕቃብን ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ብወሀደት ክሰርሑ ከም ዝግባእ ኣሰሚሩሉ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ኣቶ ክፍለ መንግስ ብወገኑ፡ ኣብ ባህልን ልምድን ዝተመርኮሰ ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭት፡ ንሕብ ጉዳይ ነብሪ ፍታሕ ዘምጽእ ማሕረስ ስለዝኾነ፡ ናይ ዕርቂ ሽማግለታት ብተወፋይነት ንህዝቦም ከገልግሉ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቐ ቀዳማይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ብምኽፋቱ፡ ዜጋታት ብቐረባን ብቐሊሉን ኣገልግሎት ክረኽቡ ከም ዝኸኣሉ ተገሊጹ።

ዳኛ ቀዳማይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ንኡስ ዞባ ሞልቐ ኣቶ ዘርኡ ተስፋማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነርቲ ኣቐዲሞም ኣገልግሎት ንምርካብ ናብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ክጓዓዙ ይግደዱ ምንባሮም ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ ነዚ ሽግር'ዚ ተገንዚቡ ቀዳማይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ምኽፋቱ፡ መስተርሃ ከም ዝፈጠረሎም ኣረዲኡ።

# ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ-ብርሃን ነስረዲን ተሰዊኡ

ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ-ብርሃን ነስረዲን መሓመድ፡ ብ15 መጋቢት ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ሓምለ 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መሓመድ-ብርሃን፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ-ብርሃን ነስረዲን፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ15 መጋቢት ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ-ብርሃን ነስረዲን መሓመድ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# ማእከል - ተመሃሮ ኣብ ምክልኻል ገበን ተራኦም ከዕዝዙ ጸውዒት ቀረቡ

መንእሰያት ተመሃሮ፡ ኣብ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ክብ ኣቢሎም፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታትን ተራኦም ከዕዝዙ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ ጉብረሚካኤል ጸዊዑ።

ብ9ን 15ን መጋቢት ንኣስታት ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር፡ ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኂ-ኂ ዝወሃቦም ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ካብ ገበናትን በደላትን ናጻ ብምዃን ኣብ ምክልኻሎምን ምቕላዕ ገበነኛታትን ምትሕብባሮም ከዘይዱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘጋጠመ ሓደጋታት ትራፊክ ምስ ናይ 2023 ክነጻጸር እንከሎ ብ7.5 ሚእታዊት ወሰኽ ከም ዘርኣየ፣ ከም ሳዕቤኑ 24 ሞት፡ 619 ከቢድን ቀሊልን መቑሰልቲ፡ ኣብ ንብረት ከኣ ልዕሊ 15 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከም ዝወረደ፡ ሰዩም ፖሊስ የረድአ።



ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ብወገኑ፡ ፖሊስ ዘካየዶ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ኣካል ናይ'ቲ ሃማመተኤ ብኮቦርታትን ስሩ ምግባርን ዝልለ ብሉጽ መንእሰይ ንምምልማል ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ገሊጹ።




# ሃይኮታ - ልምዓት ጀራዲን ዕድላት ሸቕለት ኣብ ምፍጣር ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ኣብ ጎማግም ሩባ ጋሽ ዝካየድ ልምዓት ጀራዲን፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንዝመጹ ዜጋታት ናይ ሸቕለት ዕድል ኣብ ምፍጣር ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣሎ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣለቡ፡ ጎርሱብ፡ ፊስኮን ሓውሲ ከተማ ሃይኮታን ዝርከቡ ሰፋሕቲ ጀራዲን ንበርትን ካብ ካልእ ከባቢታት ንዝመጹ ዜጋታትን ብቐጥታን ብዘዘዋውርን መገዲ ዕድላት ፈጢሩ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ፍርያቶም ብዓይነትን መጠንን ንምዕባዩ ብዕቱብ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 4 ሽሕ ሄክታር ብማሳና ዝለምዕ መሬት ክህሉ እንከሎ፡ እቲ 1 ሽሕን 36 ሄክታር ካብኡ ብማሕበር ጋሽ-ሰቲት ኣግሮ ኢንዱስትሪ፡ ዝተረፈ ድማ ብ70 ሓረስቶት ብግሊ ከም ዝለምዕ ዝጠቐሰ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሄኖክ ጼጋይ፡ ኣብ 2024 ጥራይ 100 ሽሕ ኩንታል ሽጉርቲ፡ 6 ሽሕ ኩንታል ፍረታትን ኣስታት 2,500 ኩንታል ጣፍን ከም እተሓፍሰ ገሊጹ።



ኣልማዕቲ ጀራዲን ኂ-ኂ'ቲ ኣብ ምምላእ ቀረብን ምፍጣር ናይ ሸቕለት ዕድላትን ዘጻወትዎ ዘለዉ ተራ፡ ንኡስዎምን ከባቢኦምን ዘርብሕ ኣገባብ ክኽተሉ፣ ብማሕበር ተጠርኒፎም ክሰርሑ፣ ማይን ጸዓትን ዝቖጥብ ሜላታት ልምዓት ክተኣታትዉ፣ ኣብ ፍርያቶም ዓይነታዊ ለውጢ ክገብሩ፣ ከም'ኡ'ውን ኣብ ወሰን ወቕቲ ተመሳሲ ምህርቲ ናይ ምፍራይ ልምዲ ከወግዱ መኺሩ።

ኣልማዕቲ ብወገኖም፡ ፍርያቶም ብምዕባይ ኣብ ዕዳጋታት ከባቢኦም እወታዊ ኣበርክቶ ንምግባርን ዕድላት ሸቕለት ንምስፋሕን ኣበርቲዖም ከም ዝሰርሑ ብምርግጋጽ፡ ሹቶኦም ብዘዮጎኦ ንምውቃዕ ሞያውን ንዋታውን ደገፍ ክግበረሎም፣ ከም'ኡ'ውን ፍርያቶም ብቐጥታ ናብ ተጠቃማይ ዘበጽሐሉ መሸጢ ማእከል ክፍቀደሎም ሓቲቶም።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደማስ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘልምዑ ዘለዉ ነበርቲ ያንገስ፡ ጠለብ ዕዳጋታት ከባቢኦም ኣብ ምምላእ ኣበርክቶ ይገብሩ ኣለዉ።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዘልምዕዎ መሬት ኣብ ወሰናስን ጻብዪቲ ሩባታት ምስ ምህላዉ፡ ጽቡቕ ምህርቲ ከምዝሓፍሱ፣ እንተኾነ ግና ካብ ከቢሳ ዝወርድ ውሓይዝ ናብ ግራውቶም ብምእታው ተደጋጋሚ ሃሰያ ስለዘውርደሎም፡ ንምግታኡ ናይ ማሽነሪ ደገፍ ክግበረሎም ሓቲቶም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ካብ መስኖኣዊ ሕርሻ ናብ ቀወምቲ ኣትክልቲ ኣብ ምስግጋር ከም ዝርከቡን ዒላታት ብምኹዓት ግራውቶም ብግቡእ የልምዑን ምህላዎምን ብምጥቃስ፡ ሓደጋታት ውሓይዝ ምስ ዝእለየሎም ዝሰፍሐ ልምዓት ከካይዱ ከም ዝኽእሉ ገሊጾም።

# ድባርዋ - ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ሽልማት ዒንደማሶ ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ 29 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 44 ተመሃሮ፡ ሽልማት ዒንደማሶ ተዓዲሉ።

ብ16 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ድባርዋ መምህር ብርሃነ ወልደኣብ፡ ሽልማት ዒንደማሶ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ውጽኢት ተመሃሮን ደፋኢ ሓይሊ ከም ዝለዎ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሮም ተወዳደርቲ ክኾኑ ተላቢዩ።

ምሸላም ዒንደማሶ፡ ብምውህሃድ ጨናፍር ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ትምህርቲን ዞባ ደቡብ ዝውደብ ዓመታዊ መደብ ምዃኑ ዝሓበሩ፡ ሓለፍቲ ሃማመተኤን ትምህርትን ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ምብራኽ ውጽኢት ተመሃሮ ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብር ከም ዘሎ ገሊጾም።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ ልዕሊ 80 ካብ ሚእቲ ዝዓመጹ ተመሃሮ ሽላማት ዒንደማሶ፣ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ልዕሊ 3 ነጥቢ ንዘመዝገቡ ድማ ሽላማት ደንደን ከም ዝዕደል ዝፍለጥ'ዩ።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ጉብራይ፡ ብዘተኣኻኸቦ ነብርቲ ዓዲጉብራይን ዓዲ ከፈለትን መደብር ጥዕና ናይ ምስፋሕን ሕጽረታት ናይ ምምላእን ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ።

ህዝቢ በብከባቢኡ ንዘወሰዶ ዘሎ ተበግሶ ዝመጎሰ ሓላፊ ትካል ጥዕና ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ሰረቐ ደባስ፡ ንኣጎዳስነት ምስፋሕ ናይ'ታ ትካልን ምስራሕ መጸበዩ ኣፍሲዳራትን ብምጥቃስ፡ ካልኦት ከባቢታት'ውን ተመሳሊ ስጉምቲ ክወስዳ ተላቢዩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዜና ጐደቦ

ሸዊት ተኽለ

## ሱዳን - 11 ሬሳ ኣብ ዒላ ተረኺቡ



ኣብ ካርቱም - ርእሰከተማ ሱዳን፡ ኣብ ሓደ ዒላ ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ዝርከቦ ሬሳታት 11 ሰባት ከምእተረኽቡ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ሰበስልጣን ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ሰራዊት'ታ ሃገር ኑቲ ከባቢ ካብ ሓይልታት 'ህጹጽ ወጻኢ ደገፍ' ናጻ ምስ ገበሮ ድሕሪ ሓደት መዓልታት ኣብ ፋይዓ ዝተባህለ ከባቢ ከምዝተረኽበ ገሊጾም።

ሓላፊ ሲቪላዊ ምክልኻል ካርቱም ኮሎኔል ዓብዱል-ራሃናን መሓመድ ሓሰን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነብርቲ'ቲ ከባቢ ኣብ'ቲ ዒላ ሬሳታት ከምዝረኸቡ ድሕሪ ምሕባሮም፡ ኣብቲ ከባቢ ፍተሻ ከምዝተኻየደ ኣረዲኡ።

"ኣብ ወሽጢ'ቲ ዒላ ሬሳታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ረኺብና' ዝበለ ሓሰን፡ ሰበስልጣን እቲ ከባቢ ገና ኣብ'ቲ ዒላ ተፍትሽ ይቕጽሉ ከምዝለዉ ገሊጹ።

ብመሰረት ፖሊስ ሱዳን፡ እቶም ግዳያት ናብ'ቲ ዒላ ቅድሚ ምድርባዮም፡ ሓይልታት ህጹጽ ወጻኢ ደገፍ ኑቲ ከባቢ ተቖጻጺሮምዎ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን እዮም ተቐቲሎም።

ይኹን'ምበር፡ ሰራዊት ሱዳን ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ከተማታት ካርቱምን ኦምዱርማንን ዝጉበሮ ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ኑቲ ከባቢ ዳግማይ ከምእተቖጻጸሮ ይፍለጥ።

ንቕትለት እቶም ሰባት ብዝምልከት፡ ካብ ሓይልታት ህጹጽ ወጻኢ ደገፍ ዝተዋህበ ርእይቶ ዛጊት የለን።

ኣብ ሚያዝያ 2023 ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስቲ ሱዳንን ሓይልታት ህጹጽ ወጻኢ ደገፍን ዝበረ ወጥሪ ናብ ቅሉዕ ኲናት ድሕሪ ምስግጋሩ፡ እታ ሃገር ኣብ ጸጥታዊ ቅልውላው ከምእተሸመመት ይፍለጥ።

በቲ ዝተባርዐ ኲናት ሓድሕድ ዛጊት ብውሕዱ 20 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 14 ሚልዮን ህዝቢ ድማ ካብ ቤት-ንብረቶም ተመዛቢሎም ከምዘለዉ ይሕበር።

እቲ ንካርቱምን ካልኦት ከተማታትን ዘጠቓለለ ኲናት፡ ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ዳርፉር ጠንቂ ሓያሎ ገበናት ከምዝኾነ እዮም ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራውያን ጉጅለታት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ዘመልክቱ።

እቲ ኲናት ካብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣትሒዙ እናጸዓዐ ከምዝመጸ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ካርቱምን ካልእ ቦታታት እታ ሃገርን ኣንጻር ሓይልታት ህጹጽ ወጻኢ ደገፍ ቀጻሊ ዓወታት የርኢ ከምዘሎ የጽንዑ።

## ፍልስጤም - ብሰንኪ መምርሒታት እስራኤል ሰብኣዊ ሓገዛት ይሰናኸል

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን መንግስቲ እስራኤል ንጉዳይ ረድኤት ወሽመጥ ቓዛ ኣመልኪቱ ዘመሓላለፎ መምርሒታት፡ ኑቲ ድሮ ኣጸጋሚ ኩነታት ዘሎ ሰብኣዊ ንጥፈታት ምሉእ ብምሉእ ደው ከብሎ ከምዝኽእል፡ ኣብ ፍልስጤም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ረድኤት ሰጊኦም ገሊጾም።

ኲናት ቓዛ - ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ካብ ዝጀመረ ኣትሒዙ፡ ትካላት ረድኤት ኣብ ፍልስጤም ስርሖን ብግቡእ ከየሰላስላ ሰበስልጣን እስራኤል ዕቓፋታት ይፈጥሩለን ከምዝለዉ፡ ሓንቲ ኣብቲ ከባቢ ዝተዋፈረት ሰራሕተኛ ዘይመንግስታዊ ትካላት ሓቢራ።



ንሳ ወሲኻ፡ ንጉዳያት ፍልስጤም ናይ ምክትታል ሓላፍነት ዘለዎ እስራኤላዊ ኣካል 'ኮጋት'፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ምክፍፋል ሓገዝ ዳግማይ ንምውዳብ መደብ ድሕሪ ምቕራቡ፡ እቲ ድሮ ተፈጢሩ ዝጸንሐ ብድሆታት መሊሱ ተጋዲዱ ከምዘሎ ኣረዲኣ።

ብመሰረት ዘይመንግስታውያን ትካላት ረድኤት፡ ኮጋት ኣብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ሓገዛት ፍልስጤም ዝያዳ ቁጽጽር ንምግባር ዝዓለመ ውጥን ኣቕሪቡ ነይሩ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ዕላማ ኮጋት ብዕጡቓት ዝካየድ ዘሎ ዝምታን ምዝማዝ ሰብኣዊ ሓገዝን ንምምካት ምዃኑ እኳ እንተገለጸ፡ እተን ዘይመንግስታውያን ትካላት ግን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝምታ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣዝዩ ውሱን ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ንዕኡ ንምውጋድ እቲ ዝበለጸ መገዲ ንተበጻሕነት እቲ ሓገዝ ምዕባይ ምዃኑ እየን ዘረድኣ።

## ዩ.ኤስ.ኤይድ፡ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ኢድ ናይ ምእታው ኣጀንዳ ከምዝነበሮ ተገሊጹ

ኣምባሳደር ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ኣመሪካ ነበር ቺህምባራኳኣ፡ ትካል ኣህጉራዊ ልምዓት ኣመሪካ (ዩኤስኤይድ) ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ኢድ ናይ ምእታው ዓቢ ኣጀንዳ ከምዝነበሮ ወቒሳ።



ንሳ፡ "ንጥፈታት ናይ'ቲ ትካል ኣብ ኣፍሪቃ ብምምሕዳር ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ደው ምባሉ፡ ንኣፍሪቃ ትራጀዲ ዘይኮነስ ዘሐጉስ ስጉምቲ ተባሂሉ ክጽንበል እዩ ዘለዎ" ድሕሪ ምባል፡ ምቁራጽ ዩኤስኤይድ ኣብ ኣፍሪቃ ረብሓ ከምዘለዎ ኣብሪሃ።

ቺህምባራኳኣ ምስ መደበር ዜና ኣልጀዚራ ኣብ ዝገበረቶ ቃለመሕትት፡ ዩኤስኤይድ፡ ኣብ ኣፍሪቃ መበዚሕትኡ ኣጀንዳታት ኣከባቢ፡ ሰብኣዊ መሰላትን ማሕበራዊ ፍትሒን ብዝብል ጉልባብ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ሃገራት ክኾኑ ምጽንሖም ድሕሪ ምሕባር፡ እቲ ትካል ንዳሰርተታት ዓመታት ክሰርሓሉ ኣብ ዝጸንሐ - ባዕሊ ሓንጻጸይ ዝበሎ ፕሮጀክትታት ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ዝጥቀስ ምዕባለታት ከምዘየርኣየ ኣረዲኣ።

ንሳ ወሲኻ፡ "ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ ተጉዳስነት እንተዘይሃልዩዋ፡ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ምስ'ታ ሃገር ዝሓሸ ዝምድና ክህልዎም ክልምሉ የብሎምን" ክትብል'ውን ንኣፍሪቃውያን መራሕቲ ተማሕጺና።

## ኬንያ፡ ሓድሽ ፊናንስያዊ ሕቶ ናብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ኣቕሪባ

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ብኩዳይ ሓድሽ ፊናንሲያዊ ፕሮግራም ካብ ሰበስልጣን ኬንያ ወግዓዊ ሕቶ ከምዝቐረበሉ ተሓቢሩ።

ኬንያ ሕቶ ኣቕሪባትሉ ዘላ መደብ እንታይ ምዃኑ ብግልጺ ዘይሓበረ እቲ ኣህጉራዊ ትካል፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ግዜ ምስ ሰበስልጣን ኬንያ ተሓቢሩ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ቁጠባ ናይ'ታ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ብሰንኪ ልዑል መጠን ልቓሕ ከምእተሃስየ ዘረድኣ እቲ ትካል፡ ቁጠባኣ ናብ ንቡር ንምምላስ ቀጻሊ ሓገዝ ከምዝድልያ ኣብሪሁ።

መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብወሰኽ ግብሪ ተወሳኺ እቶት ንምእካብ ዝበሮ ወጥኑ ኣብታ ሃገር ብዘተኻየደ ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞታት ከቋርጾ ድሕሪ ምግዳዱ፡ ኣብ ፊናንሲያዊ መደባቱ ክሸገር ጸኒሑ እዩ።




## ቓዛ - ብደብዳብ እስራኤል ብዙሓት ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም

ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ኣብ ዝሓለፈ 24 ሰዓታት ብውሕዱ 15 ፍልስጤማውያን ብመጥቃዕቲ እስራኤል ከምዝተቐትሉ፡ ሰቡማዚ ጥዕና እቲ ወሽመጥ ዝሓለፈ ሰንበት ገሊጾም።



ትሽዓተ ካብ'ቶም ግዳያት፡ እስራኤል ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ቤት-ላህያ ንእኩባት ሰባት ዒላማ ብምግባር ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ሰቡኣልቦ ነፋሪት ከምዝተቐትሉ፡ ወግዓዊ ኣገልግሎት ዜና ፍልስጤም 'ዋፋ' ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ደብዳብ ከምዝፈጸመ ብምእማን፡ እቶም ዝተቐትሉ ሰባት ኣሸበርቲ ምንባሮም ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ዝተበጽሐ ቀዳማይ ምዕራፍ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንዝዊሕ እዋን ቀጺሉ ኣብ ዘለወሉ፡ ሓይልታት እስራኤል ካብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣትሒዞም ኣብ ቓዛ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ኣሐይሎም ከምዝለዉ ተሓቢሩ።

እቲ ንሽዱሽተ ሰሙን ዝቐጸለ ቀዳማይ ምዕራፍ ስምምዕ ምቁራጽ ተጹቢኡ ዝሓለፈ 1 መጋቢት ድሕሪ ምብቃዑ፡ ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ክካየድ ዝተወጠነ ዝርርብ ደው ኢሉ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ግጭት እስራኤልን ሓማስን ብ7 ጥቅምቲ 2023 ድሕሪ ምጅማሩ፡ እስራኤል ኣብቲ ወሽመጥ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ዛጊት ልዕሊ 48 ሽሕ ሰባት ከምዝተቐትሉን ካልኦት ልዕሊ 111 ሽሕ ድማ ከምዝቖሰሉን፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ የመልክቱ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማቕ ጨና ኣፍ - Halitosis

ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገም፡ ብስትንፋስና ካብ ኣፍና ዝወጽእ ሕማቕ ጨና ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሃሊቶሰስ' (Halitosis) እዩ ዝበሃል። እቲ ሕማቕ ጨና ካብ ኣፍና ወይ ካብ ኣስናንና ዝቐለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ከስዐ ክመጽእ ዝኽእል ሕማቕ ጨና ኣፍ'ውን ኣሎ።

እቲ ካብ ኣፍ ወይ ካብ ስኒ ክመጽእ ዝኽእል ሕማቕ ጨና ሰኣን ግቡእ ክንክን ንጽህና ኣስናን ዝስዓበ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ገለ ዓይነት ንወስዶም መግቢታት ወይ ጥዕና ዘይብሉ ዓይነት ኣመጋግባ ምዝውታር ብ'ሃሊቶሰስ' ከም እንሳቐ ይገብር እዩ።

'ሃሊቶሰስ' ግዜኣዊ ወይ ሕዱር ክኸውን ይኽእል። ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ልዕሊ 50 ሚእታዊት ኣባጽሕ በዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ይሳቐዩ።

**ምልክታት 'ሃሊቶሰስ' እንታይ እዮም?**

ብ'ሃሊቶሰስ' እትሳቐ ምስ እትኸውን እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክተርኢ ንብር እዩ፦

- ምንቃጽ ኣፍ፣
- ምቁሳል ወይ ምሕባጥ ግርጻኑ
- ቃንዛ ስኒ፣
- ጸረርታ ኣፍንፉጫ ወዘተ።

**ጠንቅታት 'ሃሊቶሰስ'**

ግቡእ ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ዘይምኽታል

ኣብ ኣፍና ዝርከቡ ባክተርያ፡ ነቲ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ዝተርፍ መግቢ የዳቕቕዎ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነት እቲ ዝተዳቐቐ መግቢ ምስ ግዜ ይምሽምሾ ምስቲ ባክተርያ ተሓዊሱ ሕማቕ ጨና ኣፍ ይፈጥር። ቀጻሊ፡ ብፍላይ ድሕሪ ምምምጋብ ኣፍኻን ኣስናንካን ብማይ ምጽራይ፡ እቲ ተረፍ መግቢ ቅድሚ ምምሽማሹ ካብ ኣፍን ኣስናንን ከም ዝወጽእ ስለ ዝገብር፡ ካብ ከምዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ክንከላኸል ንኽእል።

ኣስናን ምምዋጽ፡ ኣብኡ ክልጠፍ ዝኽእል ብዕባኽ ከም ዝኣለ ይገብር እዩ። ምብዕባኽ፡ ምምሽማሽ ኣስናንን ካልእ ጥዕናዊ ጸገም ኣስናንን ስለ ዝፈጥር ጠንቂ ምጩናው ኣፍ ኮይኑ ይጥቀስ። ምምሽማሽ ኣስናን ቀንዲ መራቢሒ ባክተርያ ኣፍ ምዃኑ'ውን ዘይምዝንጋዕ።

ሰብ ሰርሖ ደርጊ ስኒ ምጥቃም ንባዕሉ፡ ኣብ ወትሩ ምሾት ብምጽራይ ብግቡእ ክንክን ምስ ዘይተሓዘ ሕማቕ ጨና ኣፍ ማለት 'ሃሊቶሰስ' ክፈጥር ይኽእል እዩ።

ብርቱዕ ጨና ዘለዎ መግቢታት ምምጋብ

ሽጉርቲ ወይ ጻዕዳ ሽጉርቲ ወይ'ውን ከምኡ ዝኣመሰሉ ብርቱዕ ጨና ዘለዎም መግቢታት ምምጋብ፡ ከሰዐ መግቢ ኣብ ዝሕቅቐሉ እዋን፡ ነቲ ቅብኣት ወይ ጨና ዘለዎ ፈሳሲ መጸዩ ብምትራፍ ምስ ዑደት ደም ከም ዝሕወስ ይገብሮ። እቲ ኣብ ደም ዝተሓወሰ ጨና ናብ ሳንቡእ ምስ ተሳእከ ብመንገዲ እስትንፋስ ንደገ ስለ ዝወጽእ ሕማቕ ጨና ይፈጥር።

እዚ በዞም መግቢታት'ዚኦም ዝፍጠር ጨና ኣብ እስትንፋስ ክሳብ 72 ሰዓታት ክጸንሕ ይኽእል።

ብርቱዕ ጨና ዘለዎም ከም ቡን ዝኣመሰሉ ፈሳሲ'ውን ጨና ናይ ኣፍ ይፈጥሩ እዮም።

**ምትካኽ**

ኣትካኽ ሽጋራን ተጠቃሚ ኣወሰፍቲ ቀመማትን ምዃን ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ 'ሃሊቶሰስ' እዩ። እዞም ዓይነት ቀመማት'ዚኦም ብዙሒ ኣብ እንወስዶም እዋን ምድራቕ ኣፍ ስለ ዝፈጥሩ እቲ ጨና ኣፍ ማለሱ ከም ዝገድድ ይገብሩ።

**ምንቃጽ ኣፍ**

ሰቡትና እኹል ምራቕ ክፈጥር ምስ ዘይክእል ምድራቕ ኣፍ ኪጋጥም ንብር እዩ። ምራቕ ኣፍና ብምጥላል ኣብኡ ዝፍጠር ጨና ኣብ ምጉዳል ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ።

ጸገም ምራቕ ዘንዝዕ ጸኪ (salivary gland) ምስ ዝህልወና ምድራቕ ኣፍ ኪጋጥመና ንብር እዩ። ኣፍካ ከፊትካ ምድቃስ ከምኡ'ውን ንጽቕጢ ደምን ጸሮማትን ሸንትን ተባሂሎም ዝወሰዱ ዓይነት መድሃኒታት ንባዕሎም ጠንቂ ምድራቕ ኣፍ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም።

**ምብዕባኽ ኣስናን**





ምብዕባኽ ኣስናን ወይ ሕማም ግርጻኑ ብእግሉ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ምስ ግዜ ብቐለሉ ክትኣልዮ ዘይትኽእል ሕማቕ ጨና ኣፍ እዩ ዝፈጥር።

ምብዕባኽ ኣስናን ምስ ግዜ ተደርዲሩ ናብ ደኸት ኣስናን (tartar) ስለ ዝቕየር፡ መዋጽኣ ብቐለሉ ክትኣልዮ ኣይትኽእልን። ንኽትኣልዮ ትፈጥሮ ጻዕሪ ንባዕሉ፡ ጻዕሪ ስለ ዝሓትት ኣብ ግርጻንካ ጉድኣት ከም እትፈጥር እዩ ዝገብር።

እቲ ደኸት ንባዕሉ ኣብ መንጎ ሰንን ግርጻንን ፈኻኽ ስለ ዝፈጥር መእከቢ ተረፍ መግብን ባክተርያን ብምዃን ብርቱዕ ጨና ኣፍ ክፍጠር ማበገሲ እዩ ዝኸውን።

**ምብዕባኽ ስኒ ዘለዎ ጥዕናዊ ጸገማት**

ገለ ሰባት ኣብ ተገዳስነት ጽሬት ኣፍ እፍልጦ ስለ ዘንድሎም ወይ እናፈለጡ ሸለል ስለ ዝበሉ ተጠቃዕቲ ሕማም ኣስናንን ግርጻንን ይኾኑ። ዝኾነ መግቢ ምስ እንወስድ ኣስናንና ካብ ተረፍ መረፍ መግቢ ክሕዝ/ ክቖርቍር ግድን እዩ። እዚ ተረፍ መረፍ ናይ መግቢ ቀልጢፍና ኣስናንና ብምሕጻብ ምስ ዘይንኣልዮ ምስ ግዜ ረቂቕ ቀጸላ ናይ ምብዕባኽ ይፈጥር። እዚ ቀጸላ ብባክተርያ፡ ምራቕን መርዛም ቄኣታን ዝተሰርሐ ስለ ዝኾነ ኣዝዩ ሓደገኛን ቀንዲ ጠንቂ ምብስባስ ኣስናንን ይኸውን።


እቲ ካብ ተረፍ መግቢ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ዝፍጠር ቀጸላ ምስ ግዜ እናተረረ እዩ ዝኸይድ። ኣብ መንጎ ኣስናንን ግርጻንን ተሰኺዑ ድማ ብጫው ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ ብዕባኽ ይፈጥር። እዚ ጸገም 'ዚ ጻጸር ስኒ (calculus) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ። ጉድለት ጽሬት ኣፍ ድማ የመልክት።

ኣብ ልዕሊ ኣስናንና ግቡእ ክንክን ዋላ ንግበር፡ ኣብ ኣፍና ባክተርያ ክህሉ ግድን እዩ። እዚ ባክተርያዚ ምስ ፕሮቲንን ተረፍ መረፍ ናይ ገለ ምግብታት ተሓዊሱ ኣብ ልዕሊ ኣስናንና ዝልጠፍ ረቂቕ ሽፋን ቀልጢፍና መዋጽእና ምስ ዘይንኣልዮ ክሳብ ግርጻንና እናሸፈነ እናተደረበ ስለ ዝኸይድ ኣብ ልዕሊ 'ኢናመል' ናይ ስኒ ከቢድ ዕንወት ከውርድ ይጅምር። ንመትንታት ናይ ግርጻን ክሰድኦ ከም ዝኽእል'ውን ኣይዝንጋዕ።

ብዕባኽ ስኒ ኣብ ልዕሊ ትሕቲን ማስመር ናይ ግርጻን ክፍጠር ይኽእል።

**ብኸመይ ብዕባኽ ንግርጻንን ኣስናንን ይጸልዎ?**

ኣስናንና ምስ ዝብዕኽኽ ንኽተጽርዮ ኣዝዩ'ዩ ኣሸጋሪ ዝኸውን። ግቡእ ጽሬት ናይ ኣስናን ክትሕሉ ስለ ዘኽእለካ፡ እቲ ስኒ ንኽምሽምሽ ዝተቓልዐ ይኸውን። ልዕሊ ማስመር ግርጻን ዝፍጠር ብዕባኽ ኣስናን ኣዝዩ ጉዳኢ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ባክተርያ ንግርጻን ብቐለሉ እናፋሕፍሐ የዕንዎ። ምስ ግዜ ድማ ናብ ከቢድ ናይ ግርጻን ሕማም የቃልዖና። ነድሪ ግርጻን (gingivitis) ሓደ ካብ




ብምብዕባኽ ኣስናን ዝስዕብ ሕማም እዩ። ቀልጢፍና ክንፍወሶ ምስ ዘይንኽእል ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣካላትና ከዳኽም ናብ ዝኽእል ዝኸፍአ ጥዕናዊ ጸገም ክንቃላዕ ንገደድ።

**ጸገም ሰርና ኣፍንጫ፡ ኣፍ ወይ ጉሮሮ**

- ረኽሲ ሰርና ኣፍንጫ፡
- ሕዱር ሕማም 'ብሮንካይት'
- ከምኡ'ውን ረኽሲ ኣብ ላዕለዋይ ወይ ታሕተዋይ ስርዓተ እስትንፋስ ምስ ዝህልወና እስትንፋስና ጨናዊ ክኸውን ንብር እዩ።

ረኽሲ ሓናት ንባዕሉ ሕማቕ ጨና ኣፍ ይፈጥር እዩ።

**ሕማቕ ጨና ኣፍ ዝፈጥሩ ጥዕናዊ ጸገማት**

ብእስትንፋስ ክፍጠር ዝኽእል ዘይንቡር ጨና በዞም ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት ክፍጠር ይኽእል እዩ፦

- ሕማም ወይ ምፍሻል ኩሊት፡
- ሕማም ወይ ምፍሻል ጸላም ከብዲ፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ሰኣናት ድቃስ፡
- ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ወይ መንፋሕቲ ከስዐ
- ኣሲድ ከስዐ ናብ ሻሕለ ምድያብ ወዘተ።

**ሓልክታት 'ሃሊቶሰስ'**

'ሃሊቶሰስ' ምስ ሰባት ዝህልወና ምቅርራብ ስለ ዝጸሉ፡ ኣብ ጭንቀትን ወጥርን እዩ ዘእቱ። ኣብ ከምዚ ኩነት ምስ ሰባት ክትዘራረብ እንከለኻ ነቲ ሕማቕ ጨና ንምዕጋት ብኢድካ ኣፍካ ምሽፋን ወይ ማስክ ምጥቃም ዝኣመሰሉ ኣገባብ ክትጥቀም ትግደድ።

'ሃሊቶሰስ' ዘለዎ ሰብ ነቲ ዝፈጥረሉ ሓልክታት ንምእላይ ብእግሉ ምስ ሓኪም ስኒ ክመያየጥ ከም ዘለዎ እዩ ዝምከር።

ካብ 'ሃሊቶሰስ' ብምንታይ ንሓልው?

**ካብ 'ሃሊቶሰስ' ንምንጋፍ ክኢሎታት ሕክምና ስኒ ነዞም ዝስዕቡ ምኽርታት ይልግሱ፦**

- ኣፍና ክሳብ 2 ደቒቕ ዝኣክል ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ክንምውጾ ይግባእ። ኣብ እንምውጸሉ እዋን ንኹሉ ጎንታት ናይ ኣስናንና እንተላይ ውሽጣዊ ክፋሉ፡ ንምውጾ ከም ዘለና ነረጋግጽ።

- ንመሕጸቢ ኣስናንና ኣብ እንጥቀመሉ ዓይነት ሳምና ስኒ (ኮልጌት) ግቡእ ኣፍልጦ ይሃልወና። እቲ ሳምና ስኒ 'ፍሎራይድ' ዘለዎ ምስ ዝኸውን ይምረጽ። 'ፍሎራይድ' ኣብ 'ኢናመል' (ቀጸላ ናይ ስኒ) ክወርድ ንዝኽእል መጉዳእቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ።

- መግቢ ኣብ ዝወሰድናሉ እዋን ኣፍና ብማይ ክንጉጽጉጾ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ኣይዝንጋዕ።


- ኣብ እንወስዶ ዓይነት መግቢ ግቡእ ኣድህቦ ይሃልወና። ባክተርያ ኣብ ኣፍና ኣብ ሽኮራዊ መግቢታት ዝያዳ ይዕቀቡን ይፋረዩን። ነዞም መግቢታት ክረኽቡ እንከለው፡ ተጻዓኢ ኣሲድ ብዝለዓለ ዓቐን የንዝዑ። ስለዚ፡ ብዝተኻእለ መጠን ንወስዶ ሽኮራዊ መግቢታት ክንጉድሎ ይግባእ።

- ኣትክኽቲ ሽጋራ ምስ እንኸውን ምትካኽ ክንቁርጽ ይግባኣና። ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ብ'ሃሊቶሰስ' ከምኡ'ውን ብምብዕባኽ ስኒ ብቐለሉ ዝተጠቕዑ እዮም።

ምንጪ፦ health line

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ሳዋ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሽዕበት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |







# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ኣበርክቶ መላእ ዕምሪ


መላእ ዕድመኡም ኣብ ናይ ሓፋሽ ኣበርክቶ ዘውዕሉ፡ ዝሓሰቡዎን ዝንብሩዎን ዘበለ ንሰብ እንታይ ክጠቕሞ ይኽእል ዝሞጕቱ፡ ሰባት




ኣለዉ። ዝኾኑ ሕብረተሰብ ኣብ ታሪኹ ውጽኢ ዝበለ ኣበርክቶ ዘለዎም ውሑዳት ጥራይ እዩ ክፍሪ ዝኽእል። እቲ ንሳቶም ዘፍርዩዎ ግን ንወለዶታት ይቕጽል። ከለዉን ምስ ሓለፉን ድማ ብዕዮታቶም ወትሩ ህያው ይኾኑ። እዚ ናይ ኩሉ ትዕድልቲ ኣይኮነን። ሰብ ደቂሱ እንከሎ፡ ንሱ ሰብ ዘይድቅስ ሰብ ኣሎ። ኣብቲ ናተይ ዝብሎ




ሞያ ምሉእ ኣደኻሮ ብፅሙዑ፡ ግዜኡ ንእኡ ጥራይ ዘወፈ ሰብ ኣሎ።

ንሓደ ነገር ብምልኣት ከተደምዖ እንተ ደአ ኳንኩ፡ ኣዕሚቕካ ክትሕዞ፡ ምሉእ ግዜን ኣደኻሮን ክትህቦ ትግደድ። ሞያ ስዑግዐብ እምበኣር ወጽኢት ግዜን ጻዕርን ብልሓትን እዩ።

ኣብ 1999፡ መቐጸልታ ዝሓለፈ ዕዮታት ስነጽሑፉ፡ ዓብይ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ኣሕቲሙ። እዚ ትግርኛ-ብትግርኛ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ዓይነቱ ናይ ፈለማ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ዝተፈተኑ'ኳ እንተ'ለዉ፡ ከሩቲ በርን ፍሉይ ክብሪ ዝረኸበን ዕዮ እዩ። እቲ ናይ ምልላይ መደብ ኣብ ኣዳራሽ ደንደንዩ ተኻይዱ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተረኺቡ ንኣዳላዊኡ ከተባብዖ እዘክር። ንዓይ'ውን ናይ ፈለማ ዝተሳተፍኩዎ መጽሓፍ ናይ ምልላይ መደብ ኮይኑስ ዘቡት ኣይርስዖን።

ተርጓምን መዝገበ-ቃላተኛን ተኪአ ተስፋይ፡ ኣብ ዕዮ ስነጽሑፍ ሃገርና ደሚቒ ኣሰር ዝገደፈ ሞያዊ እዩ። ኣብ ዕዮ ትርጉም፡ ምድላው መዝገበ ቃላትን ምጽሓፍ ዛንታ ህይወቱን ዘተኮረ፡ ዛጊት 16 መጻሕፍቲ ኣሕቲሙ'ሎ። እተን ክልተ ደሮ ተሓቲመን 21 መጋቢት ናይዚ ዓመት'ዚ ምስ ኣንባቢ ክላለያ እየን። ዕዮታት ተኪኡ ከጾዎ ብፍቕዲ ብዓይነቱ እዩ ዝማዝን። ኣብ ዕዮታት ትርጉም ሃገርና ዓይነታዊ ስራሕ ዓሚሙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣቓዲሙ ዝሰርሖ ዳግማይ እናኣመሓየሸ ብምሻድ ኣብ ጸብቆን ዕምቆትን ኣተኲሩ ይሰርሕ ኣሎ። "ነቲ ኣንባቢ ሕርኽርኽ ዘብል ነገር ክትገድፈሉ የብልካን" ካብ ዝበሎ ሓሳቡ፡ ነቲ ዓቕሊ ዝሓትት ኣቓዲሞካ ዘሕተምካዮ ዕዮ ናይ ምምሕያሽ ዕማም ብዘይዳ ዓቕሊ'ዩ ዝሰርሖ።

መምህር ስነጽሑፍ ራሄል ኣሰገዶም፡ ብወለንታኣ ንተመሃሮ መበኢታ ዛንታታት ተንብበሎም ኢያ። ኣብዚ ዝሓለፈ እዋን፡ እታ ተኪአ ተስፋይ ዝተርጎማ ናይ ካርሎ ኮሎዲ "ፒኖክዮ" ከተንብበሎም ቀኒያ። ተኪአ ነዚ ስራሕ ዳግማይ ኣመሓይሹ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣሕቲሙዋ እዩ። ነታ ኣቐዲማ ልዑል ተቐባልነት ዝረኸበት ዕዮ ከመሓይሻ ምድላዩ፡ ምስቲ ዕዮ ዘለዎ ጥቡቕ ፍቕሪ ከም ዝኾነ'ያ መምህር ራሄል እትገልጽ። "ሓንሳእ ተርጕመ'የሞ ስራሕ ተወዲኡ'ዩ ከይበለ ነቲ ተተርጕሙ ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ዝጸንሐ ስራሕ'ውን ኾነ ኣብ ቀጻሊ ምምሕያሹ፡ ብዝዕባኡ ኣብ ምምርማርን መጸናዕቲ ኣብ ምክያድን ከም ዘሎ ተገንዘብኩ። ካብዚ ዝዓቢ ናይ ፍቕሪ ስራሕ እንታይ ክህሉ ይኽእል?" ብምባል ድማ ኣብ ልዕሊ ተኪአን ዕዮታቱን ዘለዋ ኣድናቖት ትገልጽ።

ተኪኡ እታ ፈለማ ዝተርጎማ ዕዮ "ሕርሻ እንስሳ" ኢያ። ኣብ ግዜኣ ሰፊሕ ተቐባልነት ድማ ረኺባ፡ ብምቕጻል (ብዘይቅደም ተኸተል)፡ "ኣቲ ብሩኽ መሬት"፡ "ብዘይ ስድራ"፡ "ኣቲ ኮንት ናይ ሞንተ ክሪስቶ"፡ "ኤዞፕ"፡ "እተምርጸ ጽውጽዋያት"፣ ኣብ ምድላው መዝገበ ቃላት ድማ፡ "ዘመናዊ መዝገቡ-ቓላት - እንግሊዝኛ - ትግርኛ"፡ "ዘመናዊ መዝገቡ-ቓላት ትግርኛ"፡ ወዘተ ብምሕታም፡ ኣብ ዕቤት ቋንቋ ትግርኛ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ። እተን ጸኒሐ ዓርቢ ዝምረቓ ክልተ መጻሕፍቲ ድማ፡ "ካብ ጕርፌ ተዘክሮ - ዓቐበት ቍልዕነትን ኵትትናን" (ቀዳማይ ቅጺ ኣብ ዛንታ ህይወቱ) ከምኡ'ውን "ሃና ፍራንክ - ዲያርዮ ናይ ሓንቲ ንእሽቶ ጓል"

ዝሰመየን እየን።

ተኪአ ተስፋይ፡ 11 ጥሪ 1944 እዩ ተወሊዱ። ኣብዚ ከቢድ ናይ ጽሕፈት ዕማም ጌና ብዘለዓለ ደረጃ ሐዚዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን ድማ 80 ዓመት ረጊጹ'ሎ። ወዲ ሰማንያ ዓመት ጌና ምስ ዓብዪቲ ሕልምታቱን ክሳዕ ብህይወትን ጥዕናን ዘሎ ድማ ኣብ ግብራዊ ስራሕን ዘሎ፡ ንሞያኡ ክሳዕ ዘለዓለ ጥርዚ ዝተወፈያሉ ምኽንያቱ ዘበርህየ።

ዕዮታት ተኪአ ጽሙቕ ኣብልካ እንክገልጽ፡ "ኣስታት 12 ዓመት ዝወሰደ ናይ እንግሊዝኛ-ትግርኛ መዝገበ ቃላት፡ 12 ዝበጽሐ ናይ ቁልዑ፡ መንእሰያትን ዓበይትን መጻሕፍቲ፡ ኣብ ምድላው እታ ቀዳመይቲ መጽሔት ቁልዑ 'ቁላሕታ' ከም እተሳተፈ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንስዑቆዝዘማስ ዝምልከት 'ሽያኽ ፍልጠት' ዘርእስቱ ስዑፍልጠታዊ ጽሑፋት ብተኸታታሊ ኣበርኪቱ። ሕጂ ድማ በዘን




ክልተ ዓብይቲ ዕዮታቱ መጺኡና'ሎ" ይብል ቃል ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብታ ኣብ 2018 ዝተሓትመት ምስ ዕዮታት ተኪአ ተስፋይ እተላለ መሸፈራ።

ብዛዕባ ዓቢ ዕዮ ዝሰርሐ ሰብ ክትጽሕፍ እንከለኻ፡ እንታይ ኢልካ እንታይ ከም እትገድፍዮ ዝሕርብተካ። ንሱብ ግብራዊ ውዕሎ ብቓላት ምግላጽ'ውን ቀሊል ኣይኮነን ወይ ከኣሊኡ'ዩ ዝኽእሎ። "ምቕሊልካ መለለዩ ዓብዪቲ ሰባት'ዩ" ይብሃል እዩ። ብርግጽ፡ ኣብ ዓብዪቲ ሰባት'ዩ ድማ ጎሊሑ ዝርከብ። ዓብዪቲ ሰባት፡ ዝሰርሕዎ ስራሓም ኣንክት ኣይንታየዎምን። ጌና ብዙሕ ከም ዝተርፎም ኣሚኖም፡ ኣብ ቀጻሊ ብሉጽ ዕዮ ናይ ምፍራይ ዕማም ይጽመዱ። ረሰዕቲ ኣሕሳም እዮም።

ተኪአ ንኣበርክቶኡ ብኸመይ ይገልጾ ይኾውን ኢለ ሓደ እዋን ሓቲተዮ ነይረ። "ኣነ ሓደ ኣማዛር [ጀማሪ] ተርጓሚ እየ። ንባዕሰይ ሞያዊ ወይ ክኢላ ተርጓሚ ክብል ኣይክእልን። ኣብዚ እዋን ኣብ ኤርትራ ሃገርና ከምኡ ዝበለ ሞያዊ ተርጓሚ ጌና የለን - ብሕጂ ግን ይመጽእ ይኸውን. . ." ብምባል ይገልጽ።

ገጣሚት ዶክተር ሰላም ኪዳነ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ክልተ መጻሕፍቲ ግጥሚ ኣሕቲማ። ናይ ቋንቋ ትግርኛ ንባብ ንምዕባይ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ንዕዮታት ተኪአ ተስፋይ ብብዙሓ ትወከሶ። ንሳ ብዛዕባ'ቲ ዕዮታት ክትገልጽ እንከላ ከምዚ ትብል፤ "ናይ ኣቶ ተኪአ ተስፋይ ዕዮ ትርጉም፡ ወዮ ዘለናን ውርጹጽን ክሳብ ካብ ትርጉም ክትብሎ ማዕቶላዊ ክትብሎ ዘቕሰበ እዩ። ከም ሓደ ማዕቶላዊ ስነጽሑፍ ድማ ይንበብ፡ እዚ ነቲ ዘለዎም ናይ ፈጠራዊ ጽሕፈት ክእለትን ናይ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ሚዛን ውሕልነትን

ኣጉሊሑ የርኢ። ፍልልያት ትርጉም ብዮበኡ ኣመሓላለፍኡ፡ ዳርጋ ከም ዝሰወሩ ይገብሩዎም።"




ኣብ ስነጽሑፍ ሃገርና ልሉይ ስም ካብ ዘለዎም ሓደ እቲ ህቡብ ኣለምሰገድ ተስፋይ እዩ። ኣለምሰገድን ተኪአን ዳርጋ መሳቱ እዮም። ንኣእቶም ዝመሃሩዎምን ዝጸለውዎምን - ብቐጥታን ብዘዘዋዋርን - ዓበይቲ ሃገራውያን መምህራን ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያምን መምህር ደስላቕ ተወልደመድህንን እዮም። ንኣለምሰገድ ተስፋይ ብዛዕባ ተኪአ ተስፋይ (ኣብቲ ፈለማ ኣሕዋት'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ) ሓቲተዮ። ከምዚ ኢሉኒ፤

"ምስ ተኪኡ ልልዩና ናብ ስሳ ዓመት ገጹ ዝኾነና'ዩ። እንተኾነ፡ ምስ መተዓብይቱ ዝኾኑ ደቂ ግዝ ከቢሻ ሓቢሰየ ዝዝክር። ብፍላይ ካብ'ቶም ክልተ ማናቱ ደቂ መምህር ሳህሉ ኣብርሃምን ኣማኑኤልን ክፈልዮ የጸግመኒ። ኣብቲ ዝሓለፉ ካብ 1950ታት ክሳብ 60ታት፡ ግዝ ከቢሻ ብስሙያት ፖለቲከኛታት፡ መምህራን፡ ደረስትን ተዋዘይትን ዝተጠርቀት እያ ነይራ። መምህር ደስላቕ ተወልደመድህን፡ መምህር ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ቀሺ እምባየ ህብትዝዮን ማዘናታቶምን ዝመራሕቶም ናይቲ እዋን'ቲ ምሁራት፡ ኣብ ዝቐጸለ ወለዶ ዓሚቝ ጽልዋ ከሕድሩ ግድን ነይሩ። ብቑልዕነና ምስ ስነ ጽሑፍ ትግርኛ ዘላለዩና፡ ከም ጸጋይ (ጸጋእየሰስ) ኢያሱ፡ ሙሳ ኣሮን፡ የሴፍ ሃብተሚካኤል ዝመሰሉ ኤርትራውያን ደረስትን ተርጎምትን፡ ፍረ ናይዚ ጽልዋ'ዚ ነይሮም ኢለ እኣምን።"

ንዝዘበርልካ ግብረ ወይ ነገረ እዩ'ሞ፡ ብዕዮታት ተኪአ ተስፋይ ዘይሓለፈ ኣብ ናተይ ዕድመ ኣሎ ኣይብልን። እንተስ ነቲ መጻሕፍቲ ረኺብካ፡ ሓያው ብመንገዲ ድምጺ ሓፋሽ ተተሪኺልካ ወይስ ንዓዓት መምህራንና ኣንበቦምልካ፡ ተመሃራይ ኳንካ ንተኪአ ተስፋይ ከይረኸብካ ክትሓልፍ ኣይትኽእልን። ዓቢ'ኻ'ውን ኣብ ዕዮ ስነጽሑፍ ትሳተፍ እንተ ኳንካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሞባይሉ ናይ ተኪአ ተስፋይ መዝገበ ቃላት ዘይብሉ ዳርጋ የለን ክብሃል ይከኣል። ኣብ ዕዮ ትርጉም እንተጥፍ'ሞ፡ ተኪአ ቀመና ዓሚልና'ዩ። ነቲ ኣህላኺ ኣብ መዝገበ ቃላት (ኣብ ወረቐት ዝተሓትመ) ምድላይ ቃላት፡ ኣብ ሞባይላትና ብምጽዓን ብዘቕለለ ክንጥቀም በቒዕና።


"ኣሕተምቲ ሕድሪ" እዩ ዋና ኣፍራዪ ዕዮታት ተኪአን መሻርኽቱን። እቲ መዝገበ ቃላት ብፕሮጀክት ሕድሪ ዝስራሕ፡ ኣብ ቀጻሊ ምምዕባልን ምምሕያሽን ዘሎ ድማ'ዩ። ዝጠዝሐ ካብቲ ናይ ትርጉም ዕዮታቱ ምስ ኣሕተምቲ ሕድሪ ብምትሕብባር ዝፍረ እዩ።


ናይ ሎሚ መልእኽተይ፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ዓርቢ 21 መጋቢት 2025፡ ሰዓት 5፡30 መደብ ምልላይ ሓደስቲ መጻሕፍቲ ኣቶ ተኪአን ጽንብል ኣበርክቶ መላእ ዕምሩ ኣብ ስነጽሑፍን ቋንቋን ሃገርና ኣብ ሲነማ ሮማ ከካይድ እዩ። ኣፍሲ-ወከፍ ኣባል ማሕበረሰብ ስነጽሑፍ ሃገርናን ግዱሳትን ኣብቲ መደብ ክንሳተፍን ምስጋናን ንኣቶ ተኪአ ክነቕርብን ለዋ ዘድልዮ ምዝክኽር'ዩ። ብፍላይ ወለዲን መምህራን ተመሃሮ ደቆም ሒዞም ብምምጻእ ዓቢ ደርኺት ክፈጥሩሎም ይኽእሉ'ዮም። እቲ መደብ ንዘበርክተ ምምስጋንን'ዩ፡ ከምቲ ወትሩ ዝብሎ፡ "ክብሪ ንሰብ ግብሪ!"









# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ስላማዊት ፍቓዱ ዑቕባጸየን ምባል ተሪፉ፣ ስላም ፍቓዱ ዑቕባጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ጉብረማስቀል ተሰፋ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ስብሃቱ ቀሺ ጉብረክርስቶስ ኣድሓኖም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ደስበለ ብዕሉም ተኽለ ምባል ተሪፉ፣ሰምኦን ብዕሉም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መም/የሴፍ ዓደቡ ተስፋ፣ ሓወቦና ነፍ/ሄር ኣብ ያቆብ ተስፉ ማሕሙድ፡ ብዕለት 12/10/2009 ብቁ/መዝ/ቤ/ፍ/ዞ/ዓ/ከረን 109/2009 ኣብ ከ/ከ/05 ዝርከብ ብቁ/ምዝክር 303159፡ መወከሲ ቁጽሪ 307268 ብስሙ ዝተመዝገበ 25*20 ት/መ ስፍሓት ዘውንን ንዓይ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ብለበዋ ዝገደፈልና ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ ለተጉብረኣል ሓሰበ ኣብ ተኩርራይ ዝኾንኩም 1.ሓጎስ ዲናይ ሓሰበ ኣብ 2.ቤተሊሄም ዲናይ ሓሰበኣብ 3.የርሳሌም ዲናይ ሓሰበኣብ 4.ብሩኽ ዲናይ ሓሰበኣብ 5.ሰላስ ተሰፉ ዳር ሳልሕ ዝኾንኩም ብኮልኦት ወረ/ነፍ ለተጉብረኣል ሓሰበ ኣብ ናይ ምቅሊት ውርሲ ብስም መዋቲት ኣምና ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ጨንፈር ከረን ብቑጽሪ ሕሳብ 22699 ዝተመዝገበ መጠን ገንዘብ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጨንፈር ኣዳስ ኣስመራ ብቑጽሪ ሕሳብ 17914 ዝተመዝገበ መጠን ገንዘብ ከምኡ'ውን ኣብ ንግዳዊ ባንክ ጨንፈር ንያላ ብቸክ 072101564-2 ኣታዊ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ኣብ 17 ወረሰቲ ይመቐል ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ኣብዩ ሃይሉ፡ ብዋል ቤተይ ጉብረሚካኤል ክፍሉ ደብዐይ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጡማ ዐስማን መሓመድ ምባል ተሪፉ፣ ፋጥና ዐስማን መሓመድሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲ ኣቶ ሰለየም ስዉደልሕ ሳልሕ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ቱርኪ ሰዒድ መፍልሕ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መሓመድ እድሪስ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፣ እድሪስ ሰዒድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ተስፋይ ጉብሩ፣ ተጸዋዒ ኣቶ ሸሻይ ሓድሽ፡ ካብ 2018 ኣብ ጉዛይ ተኻሪያዩ ጸኒሑ ዝኸደ ገዛ ክራይ ከይከፈለ 3 ዓመታት ገዛ ዓጽዩ ስለዝጠፍአ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ዳዊት ኣምለሶም ባህታ፡ ወኪል ኣቶ መርሃዊ ኣምለሶም ባህታ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጽገረዳ ኣምለሶም ክፍሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሓረጉወይኒ ጉብረሃንስ ሓድጉ፡ ተጸዋዒት ወደይ ዝወለደላ ሰላማዊት ጉብረህይወት፡ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዋ ኮይና ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ትጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን31/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣ ብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ኣደም ሱሌማን እስማኢል፡ ስም ደቀይ 1.ራሕማ ኣደም ኣረይ 2.ሰሉሃዲን ኣደም ኣረይ ምባል ተሪፉ፣ 1ራሕማ ኣደም ሱሌማን 2.ሰላሓዲን ኣደም ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ከድጃ ኣደም፡ ብዋል ቤተይ ዓብደላ ሓሰን መሓማስ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸገሃና ሃብተሚካኤል ያቆብ ምባል ተሪፉ፣ ዲቮራ ሃብተሚካኤል ያቆብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቦኽረጼን ዑቕባእንድርያስ ሰረቓ፡ ኳለይ ፊሽን ቦኽረጼን ዑቕባእንድርያስ ስለዝተሰወአት፡ ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ወላዲታ ወ/ሮ ውዓሸ ምስየኖ በርሀ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጥና ኣብዛበር መሓመድ ምባል ተሪፉ፣ ፋጥና ኣብዛበር መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ነጋሽ ክብርኣብ፡ ብዋል ቤተይ ኑርሓሴን ሰዒድ ደስታ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# Vacancy Announcement

ኣዘል أزل

## AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions:

| | |
|---|---|
| Job Title | Human Resources (HR) Officer |
| Number required | Two(02) |
| Major duties | ▪ Preparing job descriptions, advertising vacant positions, and managing the employment process.<br>▪ Orientating new employees and training existing employees.<br>▪ Monitoring employee performance.<br>▪ Ensuring that all employees are organized and satisfied in their work environment.<br>▪ Overseeing the health and safety of all employees.<br>▪ Implementing systematic staff development procedures.<br>▪ Providing counseling on policies and procedures.<br>▪ Ensuring meticulous implementation of payroll and benefits administration.<br>▪ Communicating with staff about issues affecting their performance.<br>▪ Ensuring accurate and proper record-keeping of employee information in electronic format. |
| Knowledge & Skills Required | ▪ Able to engage in meaningful negotiation and resolution.<br>▪ Knowledge of employment legislation.<br>▪ Excellent verbal and written communication skills.<br>▪ Protecting the interests of all employees.<br>▪ Full understanding of HR functions and best practices. |
| Education | ▪ BA in business administration, social studies or relevant field; further training will be a plus. |
| Experience | ▪ Minimum 3 years of relevant experience in human resources. |
| Place of Work | Azel Pharmaceutical Sh. Co., Keren |

- Salary: Negotiable
- All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.
- Present clearance paper from current/last employer
- Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in Hadas Eritrea through the following addresses:

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029
Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

ሪፓርታዥ

# ‘ክለባት ኣንበብትን መሃዝትን ምስሳን፡ ምህናጽ መሰረት ምዕባለ’

ቤቲኤል ሰሎሞን

ንባብ ከም ኣካል ጠለባት ወዲ ሰብ ንኣእምሮና ዘገድስ ባእታ እዩ። ሓደ ሰብ ጫፍ ድሌታቱ ንኽበጽሕ መሳልል ኮይኑ ከደይቦ ይኽእል። ናይ ንባብ ባህሊ ዘለዎ ሕብረተሰብ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ሃገር እጃሙ ልዑል እዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ባህሊ ንባብ ንምስራጽ፡ ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ዝፍልም እናዓበየ ዝኸይድ፡ ግደን ኣበርክቶን ኩሉ ኣካል ክህሉ የድሊ።

ዘንብብ ሰብ ሓደስቲ ነገራት ናይ ምፍታን ይኹን ምምሃዝ ዓቕሚ ክህልዎ’ውን ይሕግዝ እዩ። ምምሃዝን ምስናዕን ከኣ ናብ ምዕባለ ዝመርሕን ምስዛ ንግሆ ንግሆ ብተክኖሎጂ ትለዋወጥ ዘላ ዓለም ክትወዳደር ዝሕግዝን ብምዃኑ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ኣለዎ። ነዚ ተመላላኢ ረቛሒታት ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ወፍሪ ብምግባር ብውልቅን ጉጅለን ዝዓብየሉ ባይታ ምፍጣር ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ።

ናይ መንእሰያት ተመሃሮን ብዝያዳ ሓላፍነት ተሰኪሙ ኣብ ምኹስኳስን ምህናጽን ልዑል ወፍሪ ዘካይድ ዘሎ፡ ሃማመተኤ እዩ። ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ከኣ መቐጸልታ ናይቲ ዓመታዊ ዘካይዶ ባህሊ ንባብ ንምኹስኳስ፡ መሃዝትን ሰናዕትን መንእሰያት ንምዕባይ ዘተኰረ መደብ፡ ሎሚ ዓመት’ውን ብፍልይ ዝበለ መልክዕ፡ ማንታ መደብ ኣብ ሓደ እዋን ኣካይዱ።

እቲ “ክለባት ንባብን መሃዝነትን ነሰስን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ መደብ፡ ካብ 21 ለካቲት ክሳብ 2 መጋቢት እዩ ተቓኒዑ። ቅነ መሸጣን ምርኢት መጽሓፍትን ንመበል ሓምሻይይ ግዜኡ ክካየድ ከሎ፡ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ከኣ ንካልኣይ ግዜኡ እዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ጥራይ ተሓጺሩ ዝጸንሐ መደብ፡ ናብ ንኡሳን ዞባታት ንምውራድ ብዝወጽአ መደብ መሰረት፡ ኣብ ጸሊም ጽርግያ ተደኵነን ኣብ ዝርከባ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ተከሌዛን፡ ዒላበርዕድ ከምኡ’ውን ሓጋዝ ክካየድ ብምኽኣሉ፡ እቲ ካልእ ፍሉይነት ናይዚ ቅነ እዩ ነይሩ።

እዚ ቅነ ብ21-22 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ፈሊሙ፡ 23-24 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ 25-26 ለካቲት ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ቀጺሉ። ብ27 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣብ ከተማ ከረን ወግዓዊ መኽፈቲ ሓምሻይይ ቅነ መጽሓፍትን ዞባዊ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ከኣ ብርክት ዝበለ ተሳታፊ ኣብ ዝተረኽበሉ ብኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ ተኸፊቱ።



ሃማመተኤ ነዚ ቅነ መጽሓፍትን ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ንምዕዋት፡ ምስኡ ተሳንዩ ዝኸይድ ተወሳኺ ንጥፈታት የካይድ እዩ። ሰሚናር፡ ኣስተምህሮ፡ ምምራቕ ሓደስቲ መጽሓፍቲ፡ ተመኩሮ ናይ ምልውዋጥ መድረኽን ካልእን ካብቶም ዝውቱራት መደባት እዮም። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት’ውን ብተመሳሳሊ ኈስጓስ ኣብ ተመሃሮ፡ ንዕቤት ባህሊ ንባብ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ምምራቕ ሓደስቲ መጽሓፍቲ ህጻናት፡ ከምኡ’ውን ተመኩሮ ትምህርቲ ኣብ ገድሊ ብዝብል ኣርእስቲ ምስ መምህራን ዘተ ተኻይዱ ነይሩ።

ምስ ምዕባይ ባህሊ ንባብ ተሳንዩ ዝኸይድ፡ ሓደስቲ ዝንበቡ መጽሓፍቲ ናብ ኣንባቢ ምቕራብ ናይ ደረስቲ ዕማም እዩ ዝኸውን። ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ቅነ መጽሓፍቲ’ውን ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዝርከቦ መጽሓፍቲ ተመሪቑ እዩ። ኣብታ ወግዓዊ ቅነ ዝተኸፍተላ መዓልቲ ድማ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብደራሲ ኣዛዚ በረኸትኣብ ዝተጻሕፉ ክልተ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ተመሪቐን ነይረን።

እዚ ምስ ቅነ መሸጣን ምርኢትን መጽሓፍትን ተጣሚሩ ዝካየድ ምምራቕ መጽሓፍቲ፡ ነቲ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ልምዲ ንባብ ንጸሓፍቲ ሞራል ዝህብ ምዃኑ ተገሊጹ።

ብ1 መጋቢት ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ንዝርከቡ መምህራን “ተመኩሮ ትምህርቲ ኣብ ገድሊ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ናይ ዘተን ምውርራስ ተመኩሮን ተኻይዱ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር ምጥፋእ መሃይምነት ብዕቱብ ሒዙ ይሰርሓሉ ኣብ ዝነበረሉ መድረኽ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራን ኣብ ሓራ መሬትን መምህራን ብምሉእ ተወፋይነት ይሰርሑ ምንባሮም፣ ካብቶም ብኣካል መምህራን ኮይኖም ዝዓዩ ዝነበሩ ዝቐረበ ምስክርነት እዩ። ነዚ ናይ ሎሚ ትምህርቲ መሰረት ኣብ ምትሓዝን ምዕዋትን ዝነበሮም ተራ ዘንጸባርቕ መብርሂታት ብሰፊሑ ንተሳተፍቲ ቀሪቡ።

ዓመታዊ ኣብዚ መደብ ዝሳተፉ ወነንቲ መሸጢ ናይ ጽሕፈት መሳርሒ፡ ኣብያተ-ንባብ፡ ደረስቲ፡ ከምኡ’ውን ካልኦት ግዱሳት ሒዘሞ ዝቐረቡ ዝተፈላለየ ናይ ኣካዳሚ፡ ልቢ ወለድ፡ ታሪኽ ሓዚል መጽሓፍትን መጽሄታትን ዝጣመረ መጽሓፍቲ ንምርኢት ቀሪቦም። ብኻልእ ወገን ድማ ብሰናዕትን መሃዝትን ዝተዳለወ መሳጢ ስርሓት ንተዓዘብቲ ቀሪቡ ነይሩ።

ብተዓዘብቲ ካብ ዝቐረቡ ርእቶታት፤ ቅነ መጽሓፍቲ ክሳብ ደረጃ ንኡስ ዞባታት ወሪዱ ክካየድ ምጅማሩ ኣዝዩ ዘተባብዕ ብምዃኑ፡ ምስ ዕቤቱን ዘለዎ ዝርግሐን ኣብ ግምት ብምእታዉ ትሕዝቶ መጽሓፍቲ ክዓቢ፣ ከምኡ’ውን እዚ ዕድላት ዘይረኸባ ንኡሳን ዞባታት ክበጽሐን፣ ባህሊ ንባብ ይኹን፡ መድረኽ መሃዝነት ክዓብየሉ ዝኽእል ገዚፍ ወፍሪ ስለዝኾነ፡ ሃማመተኤ ካብዚ ንላዕሊ ክብርትዕ ንላቦ፣ ክብሪ ዋጋታት ኣብ ግምት ክኣቱ፣ ከምኡ’ውን ዝሸየጡ መጽሓፍቲ ናይ ቋንቋ ዝርግሐ ክህልዎም፣ ዝፈሪ ምህዞን ሰንዓን ኣብ ባይታ ብግብሪ ዝቐርበሉ መንገዲ ብምፍጣር ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ክኾውን፣ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ ክካየድ ውሑድ ብምዃኑ፡እንተ ተኻኢሉ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ዝካየደሉ መንገዲ ክፍጠር ኣለዎ፣... ዝብል ኣተባባዕን ሃናጽን ርእይቶታት ቀሪቡ ነይሩ።

ኣብ መሸጣ መጽሓፍቲ ዓመታዊ መጽሓፍቶም ሒዞም ዝሳተፉ ግዱሳት ብወገኖም፡ ህዝቢ ከተማ ከረን ነዚ ቅነ ብሃንቀውታ ከም ዝጽበዮ ሎሚ ዓመት ብግብሪ ከም ዝተመስከረ ብምጥቃስ፡ ብብዝሒ መጽሓፍቲ ከም ዝተሸጡን ገለ መጽሓፍቲ’ውን ከም ዝተወድኡን ብምሕባር፡ ኩለን ዞባታት ነዚ ቅነ ክሳብ ደረጃ ንኡስ ዞባ ብምትእትታው ኣብ ምኹስኳስ ባህሊ ንባብ እጃመን ክልዕላ ተማሕጺኖም።

ብ2 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ናይ መዛዘምን ገምጋምን መደብ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ፡ ብዝሒ ተሳተፍቲ ልዕሊ 19 ሽሕ ምንባሩ ተገሊጹ። ተመሃሮ፡ ህዝቢ፡ ሰራዊትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝጣመረ እዚ ኣሃዝ፡ እቲ 80% ናይ ተመሃሮ ተሳትፎ ዝሓዘ እዩ። ምስ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብብዝሒ መጽሓፍቲ ክሸየጥ ብምኽኣሉ፡ ሕብረተሰብ ነቲ ዓመታዊ ዝካየድ ቅነ ከም ባህሊ የስርጾ ምህላዉ ዘነጽር እዩ።

“ክለባት ኣንበብትን መሃዝትን ነሰስን ማለት፡ ንጽባሕ መሰረት ምዕባለ ዝኾነ መሰረታዊ ነገራት ንስራሕ ማለት’ዩ፡” ክብል ኣብ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ቃሉ ዘቕረበ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸተኣብ እዩ። ሃማመተኤ ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ኣተኩሩ ዝሰርሕ ከም ምዃኑ መጠን፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክለባት ብምቛም ብሞያንን ፍልጠትን ዝዓብይሉ ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ ምዃኑ ኣነጺሩ።

ሎሚ ዓመት ህንጡይነትን ውህደትን መሻርኽቲ፡ ከምኡ’ውን እቶም ንተመሃሮ ዘገድሱ መጽሓፍቲ ብብዝሒ ምቕራቦም፡ ነቲ መደብ ዕዉት ክኸውን ከም ዘኽኣሎ ዝገለጸ ኣቶ ኣዛዚ፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣዝዩ ዝነኣድ ተሳትፎ ተመሃሮ ክረኣዮ ከሎ። ውላዱ ሒዙ ዝመጽእ ወላዲ ከምቲ ዝድለ ብዘይ ምዃኑ ኣብ ቀጻሊ ኣተኩሮ ከም ዘድልዮ ኣብሪሁ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንኹሎም ነቲ መደብ ዘዐወቱ ኣካላት ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ምሪኢት ምህዞን ሰንዓን፡ ሎሚ ዓመት ንኻልኣይ ግዜኡ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዝቐረበ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ዝምልከት፡ ኣቦ መንበር ቦርድ ምህዞን ሰንዓን ኣቶ ኢስማዒል መሓመድኑር ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ዕቤት መሃዝትን ሰናዕትን ብ22% ክብ ምባሉን ብእኡ መጠን ዕብየት ፍርያት’ውን ብ11% ምውሳኹ ኣብሪሁ። ብደረጃ ሃገር ቀሪቡ ዓቢ ለውጢ ክፈጥር ዝኽእል ዓበይቲ ምህዞታት ዝቐርበሉ መድረኽ፡ ተሳትፎ ንኡሳን ዞባታት ኣዝዩ ትሒቱ ምንባሩ ዝሓበረ ኣቶ ኢስማዒል ቁላሕታ ክግበረሉ መዘኻኸሪ ኣቕሪቡ።



“መሃዝትን ሰናዕትን ኢሂን ምሂን ዝበሃልሉ፡ ተመኩሮ ዝለዋወጥሉ መድረኽ ከፊትካ፡ ኣብ መነባብሮ ሕብረተሰብን ሃገርን ኣበርክቶ ዝገብር ንዋትን ሓሳብን ንምምንጫው ኣተኩሮ ዝገበረ እዩ፡” ዝበለ ኣቶ ኢስማዒል፣ ብደረጃ ሃገር ሰልጢኖም ዘመጽኡ መሃዝትን ሰናዕትን፡ ነዞም ሎሚ ተለልዮም ዘለዉ ንኣሸቱ ኣፍረይቲ ተመሃሮ ናይ ምስልጣን መደብ ከም ዘሎ፣ ከምኡ’ውን ማእከል መሃዝትን ሰናዕትን ንምኽፋት ብሓያል ምትብባዕ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ ተበጋጊሱ ምህላዉ ገሊጹ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብቲ ናይ ምዝዛም ኣጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ሃማመተኤ ከየባተኸ ኣብ ምኹስኳስ ንባብን ምዕባይ መሃዝነትን ዓመታዊ ንዘካይዶ ዘሎ መደብ ብምምስጋን፡ “ድሕሪ ትምህርቲ ንባብ ወሳኒ እዩ፡” ክብል ድሕሪ ምጥቃስ፡ መረዳእታን ኣጠማምታን ወዲ ሰብ ብንባብ ስለ ዝዓቢ፡ መንእሰያት ይኹኑ ዓበይቲ፡ ናይ ንባብ ልምዲ ከዕብዩ ከም ዘለዎም ኣብሪሁ።

“ምህዞን ሰንዓን’ውን መሰጋገሪ ናብ ቴክኖሎጂ’ዩ፡” ዝበለ ኣምበሳደር ዓብደላ፡ ኣብ ምምሃዝን ምስናዕን ዓቕሚ ዘለዎም መንእሰያትን ተመሃሮን ኣለሊኻ፡ ኣብ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ዘውዕሉሉ መንገዲ ምፍጣር እዋኑ ብምዃኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኩሎም መሃዝቲ ተጠርኒፎም ብብዓቕሞም ዝዓብይሉን ፍልጠት ዝቐስምሉን ማእከል ክድኮን ስለ ዝኾነ፡ ውህደት ኩሎም ኣካላት ክልዕል ከም ዘለዎ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ንኹሎም ኣበርክቶ ዝነበሮም ኣካላት ናይ ምስጋና ሰርትፊኬት፡ ንተሳተፍቲ ናይ ምህዞን ሰንዓን ናይ ተሳትፎ ምስክር ወረቐት ብምዕዳል፡ ንብሉጻት ፍርያት ድማ ገንዘባዊ ሽልማት ካብ ኢድ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ ተቐቢሎም። ቀዳሞት ብሉጻት ሰለስተ ምህዞታት፡ ኣብቲ ብ21 መጋቢት ብደረጃ ሃገር ኣብ ጁኔር ክለብ ዝካየድ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ክወዳደሩ እዮም።



# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቁባስላሴ

## ንህጻናት ዝጸልዉ ልምዲታት

ህጻናት ኣብ ግዜ ንእስነቶም ዝለመድዎ ኣካይዳ እናዓበዩ ምስከዱ ክትቅይሮ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እዚ ከኣ ዋላ ንኣመጋግባኦም ኮነ ንኣካላዊ ምንቅስቓሳቶም'ውን ዝምልከት እዩ። ብዙሓት ህጻናት ዘይብቑዕ ኣመጋግባ የንጸብርቑ ጥራሕ ዘይኮነ ኣዝዮም ንጠፋት'ዉን ኣይኮኑን። ልዑል ካሎሪን ስብሕን ዘለዎም ዓይነታት መግቢ ዝምገቡ ይኾኑ፣ ፍረታትን ኣሕምልትን ግን ብዝግባእ ኣይወስዱን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንነዊሕ ሰዓታት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ቴሌቪዥንን ይከታተሉ። ግጥማት ቪድዮ ይጻወቱን ኮምፕዩተራት ይጥቀሙን። ልዕሊ ክብደት ዝኾኑ ህጻናት ምስ ዓበዩ ከራሻት ክኾኑ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣለዎም። ልዕሊ ክብደት ዝኾኑ ህጻናት ኣብ ንእሰ



ዕድመኦም ከም ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ሽኮርን ዝኣመሰሉ ምስ ክብደት ሰብነት ዝተኣሳሰሩ ናይ ጥዕና ጸገማት ከማዕብሉ ይኽእሉ፣ ስለዚ፡ ወለዲ ደቆም ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ንኸማዕብሉ ክሕግዝዎም ኣለዎም።

- ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ተለቪዥን፡ ግጥማት ቪድዮ ኣብ ምጽዋትን ኮምፕዩተር ኣብ ምጥቃምን ዘጥፍእዎ ግዜ ደረት ምግባር።
- ህጻናት ብውሑዱ ኣብ መዓልቲ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ኣብ ኣካላዊ ንጥፈታት ከምዝሳተፉ ምክትታል።
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘማእከለ ንጥፈታት ምውዳብ።
- ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምዝውታር።
- ምስ ወለዶም ሓቢሮም ጥዕና ዘለዎ መግቢ ኣብ ምድላው ክወጥኑን ምሳኻ ሓቢሮም ክኸስቱን ኣተባብዕዎም።
- ኣብ ካልእ ነገራት ከም ምርኣይ ቪድዮ ሞባይል፡ ቴሌቪዥን ከየድህቡ ጥንቃቐታት ምክያድ።
- ህጻናት ዝተግበርዎ ዘይኮኑስ ዝርእይዎ እዮም ዝገብሩ። ስለዚ ጽቡቕ ኣርኣያ ምኳን ኣገዳሲ እዩ። ብምዕዛብ ቀሉዕ ኣመጋግባን ኣካላዊ ንጥፈትን ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ወላዲ ጽቡቕ ኣርኣያ ምኳን ማለት ንኡብሸኻን ንደቅኻን ንህይወትኩም ምሉእ ጽቡቕ ልምዲ ምጥራይ ማለት እዩ።

## ሓይሊ ኣተሓሳስባ

ደቂ ሰብ መጻኢና ካብ ሎሚ ክሓይሽ'ዩ እናበልና ኢና ንዛሓሽ ህይወት ነቓምት። ብሓፈሻ ተስፋ ዘለዎ ኣተሓሳስባ ምውናን ኣብ ህይወት ወሳኒ እዩ። ተስፋ ካብ ጽቡቕ ሰምዒት ንላዕሊ እዩ። ዕላማታት ክብጸሕ ከም



ዝኽእል፡ ናብቲ ዝደለ መጻኢ ንምብጻሕ ብዙሓት ወጽኢታውያን መንገድታት ክሕንጸጹ ከም ዝኽእሉ፣ ዘጠቓልል ኣብ ተግባር ዝተመርኮሰ ሓይሊ እዩ።

ዓብላሊ ኣተሓሳስባና፡ ኣዝዩ እዩ ንባህርናን ኣመለኻኽታናን ዝጸልዎ። ካብ'ዚ ዝበለጸ ተግባራትና፡ ህይወትናን ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሰባትን እውን፡ ብኣተሓሳስባና ክጽለዉ ንቡር እዩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ኣብ ህይወትና ብዛዕባ እንታይ ከም እንሓስብ ዓቢ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ህይወትና ለውጢ ክንገብር እንተ ደኣ ኺንና፡ ኣብ ኣገባብ ኣተሓሳስባና ለውጢ ክንገብር ስለ ዘገብኦና። ብሓጺሩ ሓሳብትና ክንልውጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ክንፈልጦ ዘሎና ግን፡ ንሓደ ግዜ ጥራይ ስለ ዝሓሰብና ለውጢ ክንረክብ ንኽእል ኢና ማለት ኣይኮነን። ንሓደ ዓይነት ሓሳብ ብተደጋጋሚ እንተ ደኣ ሓሲብናዮ እዩ ቀስ ብቐስ ሓይሊ ዝረክብ።

ንኣብነት፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ብናጻ ሓሳብና ክንገልጽ ዘይንኽእል ሓፋራት እንተ ደኣ ኾይንና እሞ፡ እዚ ክንቅይሮ እንተደሊና ብሓይሊ ምስ ሰባት ከዕልል ምፍታን፡ ኩሉ ግዜ ከዐውት ኣይክእልን ይኸውን። ምኽንያቱ፡ እዚ ነገር እዚ ዘይምቹእ ኩነታት ዝፈጥሮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጋሕማጥ ባህሪ ከም ዝህልወካ ዝገብር'ውን ስለዝኾነ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ዝበለጸ ክንገብሮ ዘሎና፡ ብርእሱ ምትእምማን ምስ ሰባት ንዝረብ ከም ዘሎና ኣብ ኣእምሮና ክንቀርጾ ወይ ክንስእሎ እዩ ዘሎና። እዚ ኩነታት እዚ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮና ዝፍጸም ንጥፈት ኮይኑ፡ ብዙሕ ጻዕሪ ዘድልዮ ኣይኮነን። እዚ ኩነታት እዚ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮና እንተደኣ ቀሪጽናዮ ኸኣ፡ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዘይመጽኣሉ ኩነታት ዋላ ሓንቲ የለን። ስለ'ዚ ብኸምዚ ኣገባብ ንሓደ ባህሪ ኣዳኺምና ካልእ ሓድሽ ከተማዕብል፡ ዋላ እውን ከባቢና ክንልውጥን ብሓቂ እንበህጎ ዘበለ ክንረክብን ንኽእል። ሓይሊ ሓሳብት ሓድሽ ስራሕ ክንረክብ፡ ዝምድናታትና ከመሓይሽን ዝያዳ ኣታዊ ክህልወናን ህይወትና ክጽብቖን ክሕግዘና ዝኽእል ሚላ እዩ። ኩሉ እዚ ግን፡ ብሓደ ረፍዲ ዝፍጠር ነገር ኣይኮነን። እኹል ግዜ ይደሊ። ማዕረ ኸንደይ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ሓቀኛን ትኹረት ኣለካን ድማ'ዩ ዝምርኮስ። ስለዚ ዓወት ክንገናጸፍ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታት ክንወግድ ይግባእ።

- ዝጠዘሐ ካብ መዓልትታትና ኣብ ምዕዛምዛምን ምምራርን ነሕልፎ እንተደኣ ኴንና።
- ጽባሕ ንሓምም ንኸውን ኢና ብምባል ሎሚ ዘሎና ጥዕና ዘይነስተማቕር እተኾንና።
- ጸጋታትና ረሲዕና ንጸገማትና ጥራይ ንጽብጽብ፡ ኣሉታዊ ሸነኻት ናይ ፍጻመታት ዝያዳ ዝምስጠናን ኣእምሮና ዝሰልበናን እንተኾንና።
- ብዛዕባ ዝኸፍአ ንሓስብ፡ ዝኸፍአ ንሰርሕን ዝኸፍአ ንጸበይን እንተኾንና።
- ፍሽኽታ ምዝውታር ከም ነውሪ ቈጺርና። መዓልትታትና ተጸዊግና ነሕልፎ እንተኾንና።
- ኑብስና ንምምሕያሽ ግዜ ንስእን፡ ካልኦት ሰባት ንምንቃፍ ግን ዘተኣዳን ግዜ እንተደኣ ሃሊዩና።
- ሰላም ኣእምሮና ብዘጠቅምን ዘይጠቅምን ብቐለሉ ዝርበሸ እንተደኣ ኾይኑ... ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እንተኾንና ብሓቂ ተስፋ ዘይብልና ሰባት ኢናሞ ህይወትና ብዘስፋ ዝተመልኣት ክትከውን ስጉምቲ ምውሳድ ከድልየና'ዩ። ምኽንያቱ ተስፋ እንተኾይኑ ሰንቅና ንኹሉ ክንዕጽሖ ስለእንኽእል።

## ጸጋታትካ ምፍላጥ

ደቂ ሰብ ድሌታትና ብዙሕ እዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ገለ ካብቶም ድሌታትና ጎዲሎምና ኢልና ምስ እንሓስብ ዘይምሉእነት ይስምዓና።

“ኣብ ዓለም፡ ሃብታም ዝኾንካ ኰይኑ ክስመዓካ እንተደሊኻ ኑቶም ብገንዘብ ክትዕድጎም ዘይትኽእል ዘለዉኻ ነገራት ብገንዘብ ተምናም” ብምባል'ዩ ኣውሸራ ሊዩስሞ ዝገልጾ።

ኣብ ዓለም ብዘይብልካ ነገራዊ ንዋት ድኽነት ክስማዓካን ርእሲ ምትሓት ክተጥርን ትኽእል ትኸውን። እንተኾንካ ኩሉ ኣብ ዓለም ዝርከብ ነገራት ብገንዘብ ክግዛእ ከምዝይክእል ኣስተብህል። ስለዚ ኑቲ ካልኦት ተመንጽዮም ክረኽብዎ ዘይከኣሉ ዘለካ ጸጋ ብገንዘብ ክትምኖ ፈትን። እዞም ጸጋታት ፈጺሞም ብኣእላፍ ገንዘብ ክትሞት ከም ዘይክእሉ ኣስተብህል። ኣብ ዓለም ኩሉ ነገር ጎደሎ'ዩ። ምናልባት ሓደ ሰብ ገንዘብ ረኺቡ ጥዕና ይስኢ ይኸውን። ሓደ'ውን ኣዋርቕ ሓፊሱ ወላድ ይደሊ ይኸውን። ኑቲ ናትካን ናቱን ዘሎ ሃብቲ ብግብሪ ክተወዳድሮ እሞ ፈትን ኩሉ ዘለዎ ሃብቲ ኣከቢ'ውን ጥዕና ወይ ድማ ካብ ፍረ ብርኩ ዝርከብ ወላድ ክረኽብ ኣይክእልን። ስለዚ ኑብሽኻ ሃብታም ኰይና ክትስመዓካ እንተደሊኻ ካብቲ ዝዓበየ እቲ ዝደቀቐ ዘለካ ንኻልኦት ግን ዘይተዓደሎም ነገራት ክትቆጽር ጀምር። ሽዑ ንሸኻ ዝያዳ ካልኦት ዝሓብተምኻን ዝበለጸኻን ምኻንካ ክበርሃልካ'ዩ።



## ጆን ቢ. ከርቲስ

ጆን ቢ. ከርቲስ ካብ 1827 -1897 ዝነበረ ኣመሪካዊ ነጋዳይን መሃዚን እዩ። ንሱ ናይ መጀመርታ ንግዳዊ ኣፍራዪ ማስቲካ እዩ። ጆን ቢ. ከርቲስ ንፍርያቱ ‘ዘ ስቴት ኦፍ መይን ፑር ስፕሩስ ገም’ እትብሃል ናይ መጀመርታ ንግዳዊት ትካል መመስረሒት ማስቲካ ብ1848 ኣማዕቢሉ፡ ናይ መሸጣ በቓዕ።

ኣብ መጀመርታ፡ ሰባት ብዛዕባ እቲ ሓድሽ ፍርያት ብዙሕ ኣፍሊጦ ስለዘይነበርዎ፡ መሸጣ ደንገዩ ነይሩ። ምስ ግዜ ግን እቲ ትካል ፍርያቱ ከዐቢ ግዜ ኣይወሰደሉን። እቲ ምንታይ ማስቲካ ብኽልትኡ ጾታ ተፈታዊ እዩ።

ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ዕዳጋ ማስቲካ ኣመሪካ ፍሉጥን ተወዳዳርን ትካል እዩ ዝነበረ።

ጥንታውያን ኣመሪካውያን ህንዳውያን ኣስናኖም ንምጽራይን ኣብ ከስዖም ዘሎ መግቢ ንምሕቃቕ ካብ ዝተፈላለዩ ኣግራብ ማስቲካ ይጥቀሙ ነይሮም። እዚ ብዋጋ ዝሓሰረ ፍርያት ንኸብዝሑ ኣይተሸገሩን። ማስቲካ ክንውሕጦ ከም ዘይግባእና ህጻናት እንከለና ንፈልጦ ዝነበርና ሓቂ'ዩ። እቲ ምኽንያት ማስቲካ ብቐሊሉ ክሓቐቕ ስለ ዘይክእል'ዩ። ማስቲካ ኣብ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ኣካላትና ምስ ኣተወ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ምሕቃቕ ተኻፋዪ ድሉ ንኽእለ ብዙሕ ግዜ ይወስደሉ። ብጌጋ ምስ



ሰጋ ተሙቲሩ ምስ እንወሕጦ'ውን ምስ ዘዘኣተወ መግቢ ስርዓተ ምሕቃቕ እናተኻየደሉ ይቕጽል'ምበር ፈጺሙ ኣይተሓቐቐን'ዩ። ስለዚ ማስቲካ ክሓቐቕ ዘይክእል ብምኳኑ'ዩ ምውሓጥ ጽቡቕ ከም ዘይኮነ እዮም ክኢላታት ዝገልጹ።

## ጥቕስታት መዘነዩ

- “ልክዕነት ትዕዝብቲ ማዕረ ልክዕነት ኣተሓሳስባ እዩ።”- **ካትሪን ኢል ኔልሰን**
- “ሕልሚ መወዳእታ ገደብ ግዜ ዘለዎ ሸቶ እዩ።”- **ብናፖልዮን ሂል**
- “ኣብ ዝኾነ ዕማም ናይ ዓወት ዕድልካ ኩሉ ግዜ ኣብ ኑብስኻ ብዘሎካ እምነት ክዕቀን ይኽእል።” – **ሮበርት ኮሊየር**
- “እሓይ መዓልታዊ ሓዳስ እያ።”- **ሄራክሊተስ**
- “ሰባት “ኣይትኽእሎን ኢኻ” ንዝበሉኻ ነገር ምግባር ዝፈጥሮ ዕግበት መዳርግቲ የብሉን።”- **ዋልተር ባጀሆት።**
- “እቲ ዝዓበየ ክትሉበሶ እትኽእል ነገር ርእሰ ተኣማንነት እዩ።”- **ብሌክ ላይቭሊ**
- “ጥበብ ደቂ ሰብ - ብዓቕልን ተስፋን እዩ ዝግለጽ።”- **ኣሌክሳንደር ዱማስ**
- “እምነት ማለት መርትዖ ብዘየገድስ ንሓደ ነገር ክትኣምን ምፍታን ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ፡ እምነት ሳዕቤኑ ብዘየገድስ ደፍርካ ገለ ነገር ክትገብር ምኽኣል እዩ።”- **ሸርውድ ኤዲ**

# ዘዕበ ሎሚ

## ጭልፉ ካብ ታሪኽ ኤርትራ

ግርማይ ምሳየና
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

(3ይ ክፋል)

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዝገለጽናዮ፡ ጽሑፈይ ሓድሽ ሓበሬታ፡ ሓድሽ ትንታኔ ወይ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣይኮነን። ቅድሚ ሕጂ ኢትዮጵያውያን ናይ ታሪኽ ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን ብዛዕባ ኤርትራ ዝጸሓፍዎ ሓቅታት ዝጐደሎ ሓበሬታታት ምርኩስ ገይሮም ጌጋ ትንታነታት ክህቡ ዝፍትኑ ብዙሓት ናይ ታሪኽ መዛይምን ስለዘዕዝዘበኩ፡ መረዳእታ ንምዕባይ ታሪኽ ኤርትራ ደጊምካ ምምላጹ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተሰምዓኒ እየ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከቕርብ ተደሪኸ።

### ኤርትራ ኣብ ኢድ ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 1945 ኮይኑ ብሓደሹ ክሎ፡ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ኣብ 1948 ውሳኔ ክህበሉ ዘተ ጀሚሩ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ዘተ ምጅማሩ፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ንህዝቢ ኤርትራ ጉጅጅሉ ሰሪት ከምዝደሃልዎ፡ ክንዑር ምፍታሉ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና ኣንቢብና ነይርና።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ንምፍላጥ፡ ክልተ ግዜ ወከልቲ ካብ ፓኪስታን፡ ጓቲማላ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኖርወይን በርማን፡ ናብ ኤርትራ ልኢኹ። ልኡኻቱ በቲ ዝተዓዘብዎ፡ ፓኪስታንን ጓቲማላን ኤርትራ ናጽነት ክትረክብ ከድግፉ ከለዉ፡ እተን ዝተረፋ ከኣ ብኣንጻሩ ደው ዝበላ ነበራ። ህዝቢ ኤርትራ ብበምጋም ናይቶም ዝተላእኹ ወከልቲ 5 ሃገራት፡ ገለኡ ደላዩ ናጽነት፡ እቲ ካልእ ግን ምስ ኢትዮጵያ ምጽንባር ከም ዝደለ. መሰሉ'ኳ እንተተረኣየ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዝለኣኾ ሓበሬታ 75% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ምርጫኡ ናጽነት ከምዝነበረ ገሊጹ ነይሩ። (Bereket Habteslasie, 1983, እዚ ኣምባሳደር'ዚ ናብ ሃገሩ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ብምስጢር ተዓቂቡ ድሕሪ ምጽናሕ ዝተረኽበ እዩ።) እንተኾነ፡ ንመንግስቲ ኣመሪካ ዘገድሶ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነ ረብሓ ኣመሪካ ስለዝነበረ፡ ብመንገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣመኽንዩ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዓበላሲ ደግፉ ከምዝተረኽበ ብምምሳል፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ተቖራኒ ማሰል ናጽነት ከም ዝሰኣን ገበሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ውሳኔኦም ንምርግጋጽ ካብ ዝተጠቕምሉ ምኽንያት ሓደ፡ ኤርትራ ብቑጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን እያ ዝብል ነበረ። እቲ ምኽንያት፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ይኹን ኣብ ግዜ ብሪጣንያ፡ እቲ ናይ ግዝኣቲ መንግስቲ ብወሽጣዊ ዓቕሚ ኤርትራ ዘይኮነ፡ እተን ግዝኣቲ ካብ ሃገረን ብዝመጽእ ባጀት ተኣዩድ ከምዝነበረት ገይሮም ይገልጽዋ ነይሮም። ዘይተርብሕ እንተኾይና ድኣ እንታይ ኮይናም ዝበህግዋ? ኢጣልያ ተኹኑ ብሪጣንያ ጻኖት ኮይኑ፡ ንቑጠባ ናይ ኤርትራ ዘበራብር ስራሕ ኣይሰርሓን። ንግዝኣቱ ንመግዛእታዊ ዕላማታተን ዘኸዕን ጥራይ ኣብ ምስራሕ እየን ተጸሚደን ዝነበራ (Aria Tsegai, 1980, the economic viability of an independent Eritrea)። ንህዝቢ ዘርብሕ ከይሰራሕካን ከይኣወፈርካን ሃገር ኣይትምዕብልን እያ። ኣብዚ ሎሚ ኳንካ ኑቲ ኣብዘሎኣም ክትመዝኖ ከሎኻ፡ ኤርትራ ድኻ ከምዝዩኸት ንጹር እዩ። ግዜ ኑቲ ኣብዘሎኣም ኣቃለይዎ ኣሎ።

ካብ ታሪኻዊ ፍጻመታት ናይ ግዜ ብሪጣንያ፡ ሃጼ ሃይለስላሰ ካብ ዝበሎ፡ ኢትዮጵያውን ዘይፈልጥዎ፡ ንትንታነ ታሪኽ ጠቓሚ ዝኾነ ዘረባ ኣሎ፡ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን እዩ"። እዚ ዘረባ'ዚ ሃጼ ሃይለስላሴ ቀንዲ ጠመተኡ ወደብ ምንባሩ እዩ ዝሕብር። እቲ ካብ ቀደም ኤርትራ ኣካልና እያ ነይራ፡ ወይ'ውን ሓደ ሃገር ኢና፡ ዝብል ኣገላልጻ ክቕላዕ ከሎ፡ ኣብ ውሽጡ ድልየት ወደብ እምበር ሕውነት ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። የግዳስ ካብዞም ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ሰበስልጣን እቶም ናይ ቀደም ይሕሹ፡ ብውሑድ ንምጥዓም ዘረባ 'ኤርትራ ኣካልና እያ ነይራ፡ ወይ ሓደ ህዝቢ ኢና' ዝብል ጉልባብ ይጥቀሙ ስለዝነበሩ። እዞም ሕጂ ዘለዉ ግን፡ ብዘይ ውልውል፡ ኢትዮጵያ ልዕሊ 120 ሚልዮን ህዝቢ ሒዛ ብዘይ ወደብ ክትምዕበል ስለዘይትኽእል፡ ወደብ ከምዝዋንነኣ ብዘይሕንከት ክምድሩ እዮም ዝሰምዑ። ኢትዮጵያ ንኽትምዕበል ዘድልያ ነገራት ብዙሓት እየን። ሓደ ካብኡ ሰሉጥ ኣገልግሎት ወደብ እዩ። እንተኾነ፡ ኢትዮጵያ ዘይምዕባለት ብሰንኪ ወደብ ከምዘይኮነ፡ እቲ ብወደብ ዓሰብን ባጽዕን እናተገልገለት ዝሓለፈቶ ናይ ድሕረትን ድኽነትን ግዜ፡ ምስ ወደብ ምትእስሳር ከምዘይብሉ ዘረጋግጽ ሓቂ እዩ።

ካብ ግዜ ብሪጣንያ ኣትሒዞም ገለ ሰበስልጣን ኣመሪካ፡ ኑቲ ሽዑ ሃገሮም ዝነበራ ግቡይ መርገጺ፡ ከይኣረምዎ ንዓመታት ምቕጻል ዝመረጹ ኣለዉ። ኣብዚ ክግለጽ ዘለዎ፡ ሰበስልጣን ኣመሪካ፡ ካብ እዋን ናጽነት ኣትሒዞም፡ ብምስምስ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎም ርክብ ከርኣሕ ዝጸዘሎ እዩ። እቲ ዝተኸወለ ምስጢር ግን ኑቲ ቀደም ዝገበርዎ ጌጋ ዘይምእማንን ዘይምእራምን እዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ወሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝግደፍ ኮይኑ፡ ካልኦት መንግስታት፡ ውሽጣዊ ጉዳያተን ካብ ናይ ኤርትራ ዘይፍለ ክነሱ፡ ኣመሪካ ምስኣን ዝሓሸ ዝምድናታት ፈጢራ ክትሰርሕ ትርኢ እያ። ኣብዚ እቲ ንኽሉ ኣህዛብ ዝሓይሽ እቲ ዝገበርዎ ጌጋ ንታሪኽ ኣሰኪሞም፡ ኣብ መጻኢ፡ ኑቲ ቀደም ዝገበርዎ ጌጋ ሕጂ ሓድሽ መኣረምታ ምግባርን ምስ ኤርትራ ጥዑይ ዝምድና ምፍጣርን እዩ። ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ክረክብ እንተኾይኑ እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ጌጋ ክእረም ዘለዎ እዩ።

### ኤርትራ ኣብ ግዜ ፈደረሽን

እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገበረ ናይ ፈደረሽን ውዕል፡ ከም ስሙ ዘመልክቶ ናይ ፈደረሽን ትሕዝቶ ኣይነበሮን። ፈደረሽን ክበሃል እንተኾይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ሓደ ፍሉይ ርእሱ ዝኸኣለ ውሽጣዊ ምምሕዳር፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ተመሳሳሊ ካልእ ውሽጣዊ ምምሕዳር ሃልዩ፡ ንኽልቲኤ ኣካላት ዝውክል ካልእ ጸፍሒ ካብ ክልቲኦም ወገናት ዝቖመ መንግስታዊ ምምሕዳር ክህሉ እዩ ዝግብኦ ነይሩ። ትርጉም ምሕደራ ፈደረሽን ከምኡ እዩ። እቲ ናይ ፈደረሽን ቅዋም ንኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኤርትራ ስልጣን ዝሃበ፡ ብኣንጻሩ ንኤርትራውያን ኣብ ምሕደራ ኢትዮጵያ ብዘይካ ስማዊ ወክልና፡ ካልእ ተራ ዘይሃብ ስለዝነበረ፡ ፈደረሽን ክበሃል ዝኾኣል ኣይነበረን። ሃንደስቲ ናይዚ ፈደረሽን'ዚ ዕላማኦም ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ምእታው ጥራይ እዩ ነይሩ።

ቅዋም ፈደረሽን ንኤርትራ ውሽጣዊ ምምሕዳር መታን ክህልዋ ኣብ ዓንቀጽ 16፡ "ህንጻ-መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መሰረታዊ ስርዓት ናይ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ዝተመስረተ እዩ" ይብል። እዚ ማለት ኤርትራ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ብዝመረጸቶ ባይቶ እያ ትመሓደር ማለት እዩ። በዚ ሕጊ'ዚ መሰረት፡ ኣብ ኤርትራ ብምርጫ ዝተመዘዙ ኣባላት ባይቶን፡ ባይቶ ዝሓረዮ መራሒ መንግስትን ከምዝቖውም ተገይሩ። እንተኾነ ኣብ ተግባር፡ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ብመራሒ መንግስቲ ኤርትራ ተድላ ባይሩ ዝምራሕ ዝነበረ ውሽጣዊ ምምሕዳር ከተናኽሮ ጀሚሩ። እቲ ዝተረድአ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ 1955 ስልጣኑ ሓደገ። ኣብ 1955 ኣፍቃሪ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ብዝነበረ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ተተኪኡ። ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል፡ ንመራሒ መንግስቲ ተድላ ባይሩ ተኪኡ ስልጣን ቅድሚ ምሓዙ፡ ምክትል ወኪል ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ እዩ። ወኪል ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ብኸመይ መገዲ ክኸውን ይኽእል? ኣቐዲሙ ኣባል ባይቶ ኤርትራ እንተነይሩ'ኸ ከመይ ኢሉ ምክትል ወኪል ናይ ሃጼ ሃይለስላሰ ኮይኑ ይሰርሕ ነይሩ? እዚ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ክኸውን ዝተመዘዘ ብዓል ስልጣን ደላይ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ እዩ ነይሩ። ብዘወሳኺ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ዝተገበረ ምምራጽ ኣባላት ባይቶ፡ ቡቶም ምስ ኢትዮጵያ ሕብረት ዝበሀጉ ዝበዝሑ ከምዝዕብለል እዩ ተገይሩ። በዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ በቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ውዕል ፈደረሽን ንምፍራስ ዝገበሮ ዝነበረ ምንቅስቓስ ስጉኡት ሓደሮ። ባይቶ ኤርትራ፡ ውዕል ፈደረሽን ከኽብር ዝቖመ ክነሱ፡ ኣንጻር'ቲ ቅዋም ብምኻድ ውሳኔታት ክሕልፍ ጀመረ።

ባይቶ ኤርትራ፡ ቅዋም ከተግብር እምበር ካብ ቅዋም ወጻኢ ክኸይድ ሕጋውነት ኣይነበሮን። ብፍላይ ኣብ ቅዋም ፈደረሽን፡ ዓንቀጽ 91፡ ንምምሕያሽ ቅዋም ኣብ ዝምልከት ሕጊ፡ ባይቶ ኤርትራ ንቕዋም ናይ ኤርትራ ከመሓይሹ ማለት ሓደስቲ ዓንቀጻት ከእቱ ካብ ዝነበሩ ዓንቀጻት'ውን ከወጽኡ ስልጣን ክህቦ ከሎ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኣተወ ውዕል ኣብ ዓንቀጽ 16 ዝሰፈረ ግን ብዝኾነ ምኽንያት ክቕይሮ ከምዘይክእል ወይ ከመሓይሾ ከምዘይክእል ዝኸልክል ሕጊ ነበረ። ኣብቲ ቅዋም ፈደረሽን ናይ ኤርትራ መሰል ክሕሎ ዝተዋህበ ውሕስነት ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓንቀጽ ተጠቒሱ ንረኽቦ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓንቀጽ፡ ባይቶ ኤርትራ፡ ንፈደረሽን ኣፍሪሱ፡ ንኤርትራ ናብ ናጽነት ገጹ ከይወስዱ ማዕረ ማዕረኡ ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንፈደረሽን ኣፍሪሱ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክይጸንብራ ዝኽልክል ኣብ ዓንቀጽ 91 ሰፊሩ ንረኽቦ። ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዝነበረ እዋን ይኹን ድሕሪኡ፡ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ታሪኽ፡ ናይ ኤርትራ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ፡ ብኣባላት ባይቶ ኤርትራ ዝተወሰነ ስለዝኾነ፡ ተቐባልነት ዘለዎ እዩ ኢሎም ይማጐቱ። ውሑዳት ከኣ ኣለዉ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓይሊ ተጠቒሙ ንኣባላት ባይቶ ኣፈራሪሑ ወይ ኣታሊሉ እዩ ንፈደረሽን ኣፍሪስዎ ዝብሉ ኣለዉ። እንተኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን ባይቶ ኤርትራ እቲ ኣብ ቅዋም ፈደረሽን ዓንቀጽ 16 ሰፊሩ ንኤርትራ ዝተዋህበ ደሞክራሲያዊ መሰል፡ ክፍርስዎ ኣይክእሉን እዮም (ብመሰረት ዓንቀጽ 91)። ምፍራስ ፈደረሽን ብዝኾነ ኣገባብ ዘይቅዋማውን ዘይሕጋውን ስጉምቲ ኮይኑ፡ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝገሃሰ ገበን እዩ። ካብቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ ክሳብ 1991 ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብጠቕላላ እያ ትገዝእ ነይራ። ካብዚ ብምብጋስ እዩ ቃልሲ ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ፍትሓዊ ዝኾነ። ህዝቢ ኤርትራ መጻኢኡ ብኸልኣት ዘይተካ ባዕሉ ክወስን መሰሉ እዩ። እዚ መሰል'ዚ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ናይ ዝጸንሐ ህዝቢ መሰል እዩ። ከምቲ ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን ዝመስሎም፡ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝተገዝለት/ዝተገንጸለት (secession) ኣይኮነትን፡ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ስለዘይነበረት። ካብ 1952 ክሳብ 1991 መንግስቲ ኢትዮጵያ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ግሂሱ ብገብጣ እያ ኣብ ኤርትራ ጸኒሓ። ምምሕዳር ናይ ኢትዮጵያ "መግዛእቲ ኢትዮጵያ" ተባሂሉ እውን ክግለጽ ኣይከኣልን እዩ። ኢትዮጵያ ግዝኣት ክትከውን ዓቕሚ ዝነበራ ሃገር ኣይኮነትን። ካብ ኢድ ኣመሪካ ብዝረኸበቶ ገጸ በረኸት እያ ብገብጣ ንግዜኡ ከተመሓድር ክኢላ።

ይቕጽል . . .





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅድድም ብሽክለታ - ንዝኽሪ ተቓዳደምቲ ውድድር ተኻይዱ

### ደቂ ኣንስትዮ፡ ክሳዕ መዓስ እየን መሰነይቲ ደቂ ተባዕትዮ ክኾና

ስእሊ - ኣብራሃም በየነ





ዓወት እተሰረዛ - ራሄል ዘርእሰናይ

ንዝኽሪ ብሂወት ዘየለዉ ተቐዳደምቲ ዝዘከረ ቅድድም ብሽክለታ ናይ ዞባ ማእከል ብቐደማዊ ትማሊ (ሰንበት) ቀዳማይ መድረኽ ኣሰላሰለ።

ኣካየድቲ ናይ'ዚ ውድድር፡ ንዳቶብ ሚኒስትሪ ዜና (ፎርቶ) ከም መበገሲ ቦታ እዩም ሓርዮሞ። ተቐዳደምቲ ድሙ ካብኡ ተበጊሶም - ብቤተ ክርስትያን እንዳ ሚካኤል - ቤ/ት ባርካ - ሸዳ - ቤት ፍርዲ - ሰንማ ሮማ - ሲቲ ፓርክ - ቤት መንግስቲ - ባንክ ደም ኣብሊም፡ ኣብ ዓቕብ ሚኒዜና ይዛዘሙ ነይሮም፡ ሓደ ዙርያ፡ 3.8 ኪሎሜተር ይሽፍን።

ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ናይ 128 ኪሎሜተር (33 ዙርያ) ኣካይዶም። ኣብ ዕረፍቲ ዝርከቡ ምስ ናይ ደገ ጋንታታት ዝጻወቱ ሄኖክ ምሉእብርሃንን ዩኤል ሃብተኣብን ዝርከብዎም ገለ ተቐዳደምቲ'ውን ተሳቲፎም። ውድድር ኣብ ምምቃር'ውን ተራ ነይሩዎም።

ካዕሕ ዝሽፍ ዕዉት መጥቃዕቲ ዘይተራእየሉ እዚ ውድድር፡ ብፍላይ ዓቕብ ሚኒስትሪ ዜና ንተቐዳደምቲ ፈታኒት ነይራ፡ ብርክት ዝበሉ መጥቃዕትታ'ውን ኣብታ ቦታ ተፈቲናም።

ኣብዚ ግዜ ኣብ መሳጢ ብቐዳት ዘሎ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስቡ - ሚልክያስ ማእከለ ድሙ ንሱለው ቁመናኡ መሊሱ ኣማሲኑ። ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 44.9 ኪሎሜተር እናተጓዕዘ - ብ2 ሰዓት፡ 51 ደቒቕን 7 ካልኢትን ተዓዊቱ። ብተመሳሳሊ ግዜ ናይ ወልቂ ተቐዳዳማይ ሄርሞን ኢሳቕን ርብል ሃብተማርያም ካብ ጋንታ ደቡብ፡ እግሪ እግሩ ኣትዮም።

ካብቲ ኣብ መበዝሕትኡ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተሓዊሰን እምበር ንበይነን ውድድር ክሰርዓለን ዘይከኣለ ዘሎ ደቂ ኣንስትዮ፡ 86.7 ኪሎሜተር ሸፊነን። እዘን ዓቕብ ፎርቶ ኣዝዩ ዝበድሀተን ተቐዳደምቲ፡ ዝሕል ኢለን እየን ተበጊሰን። ምስ ትሪ ዓቕብ ፎርቶ ኸኣ ፋሕ ፋሕ ክበላ ተቐሲበን።

ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተሳሒበን ኪድክን ብዝተብል ምኽንያት'ውን ገለ ተቐዳደምቲ ብውሳኔ ኣካየድቲ ካብ ውድድር ወጻኢ ኮይነን።

ቀዳማ ንኽይ መወዳእታ ዓቕብ ወዲኣ ኣብ ጥርዚ ዝተቐልቀለት ድሙ ኣባል ደንደን ራሄል ዘርእሰናይ ነይራ። ኩሉ ውድድር ምስ ተዛዚመ ግና፡ ተሳሒባ ነይራ ብዝብል ምኽንያት ደረጃኣ ተመንጢላ። ዕውትቲ ናይ'ቲ መድረኽ ድሙ ተቐዳዳሚት ሰራየር ሳዋ - ሰዶን ሃብቶም ኮይና። ሄርሜላ ሳይሞን ጋንታ ደቡብ፡ ርዚና ብርሃ - ዓራግ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኣትየን። እዘን ተቐዳደምቲ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 33.73 ኪሎሜተር እናረገጻ ብ2 ሰዓት፡ 34 ደቒቕን 13 ካልኢትን ወዲአን።

ብዘይካዚ፡ 90.4 ኪሎሜተር ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን (ጅንየር)፡ መሳጢ ውድድር ኣርእዮም። ብተመሳሳሊ ካዕሕ እትሰበም ጉጅለ ወይ ዝሃደመ ወልቀ ተቐዳዳማይ ዘይተራእየሉ እቲ ጸወታ፡ ድሕሪ - 2 ሰዓት፡ 7 ደቒቕን 39 ካልኢትን ብዓወት ኣባል ደንደን - የናታን ቴድሮስ ተዛዚሙ። ወዲ ጋንታኡ ሚካኤል ዳኒኤልን ተቐዳዳማይ ኤሪ ቴል - ኑፍታሌም ኤፍሬምን ተኸቲሎም ኣትዮም።

ዘልኣቦ ንዝበሉ ትንኣስ ክመልሱ ዕድል ዘይሃብ ውድድር ዝየዱ ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ዲቪዥን (ዩዝ) እውን ኣብ እቲ ዕለት ነይሮም፡ 60.32 ኪሎሜተር'ውን ሸፊኖም።

ተቐዳዳማይ ጋንታ ትጸቢት ኣሚኒኤል ወልደሃንስ ድሙ ኣብ ገምጋም 41.9 ኪሎሜተር እናተሓንበበ - ብ1 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 16 ካልኢትን ተዓዊቱ። ብተኸታታሊ ሽውዓተን 24ን ደቓይቕ ዝደሓሩ ኣባል ጎዳይፍ - መርሃዊ መሓሪ ተቐዳዳማይ ሚሽዮም - ሄርሞን ኣብራሃም ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ትዕዝብቲ

* ፌደረሽን ዞባ ማእከል፡ ንዓቕብ ፎርቶ ከም መበገሲን ብተደጋጋሚ ከም እትሕኩርን ምግባሩ፡ ዝሓሸ ሓሳብ እዩ። ንብቕዓት ተቐዳደምቲ ኣብ ምፍታን (ተጻዋርነትን ትረት ኣካላትን ኣብ ምዕባይ ወሲ ተራ ኣለዎ) ከም'ኡ'ውን መቐረት ውድድር ኣብ ምውሳኽ፡ ተራ ነይሩዎ እዩ። ኣብ ዝቕጽሉ ውድድራት'ውን እዚ ኣብ ግምት ምስ ዝኣተው ዝበለጸ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል'ዩ።

* ደቂ ኣንስትዮ፡ ክሳብ መዓስ እየን ምስ ደቂ ተባዕትዮ እናተሓወሳ ክጻወታ። 'ማዕርነት'፡ ማዕረ ዕድላት ካብ ኮነ፡ እዘን ደቂ ኣንስትዮ ንምንታይ ማዕረ ዕድል ዘይወሃበን፧ ይውሓዳ ይብዝሓ፡ ጸወታኣን ይዝሓል ደብርትዑ ንምንታይ በይነን ዘይወዳደራ። ምስ ደቂ ተባዕትዮ እናተበኣሳ፡ ብዘብርትዕ ጸወታን ስም ደቂ ተባዕትዮን እናተዓብለላ (ትማሊ እሞ ኣብ ምብጋሽ'ውን ድሕሪኦም ተሸፊነን ጺሒሐን እየን ተበጊሰን)፡ ከም መሰነይታ በይነን ኮለል ዝበላ ዘለዋ ይመስላ።

እሞ ኸኣ፡ ኣብ እዋን ውድድር ብደቂ ተባዕትዮ ተሳሒበን ኪድክን ተባሂለን፡ ቀዳማ ተቐዳዳሚት ዓራግ ብርኽቲ ፍስሃ፡ ካብ ኩርሻ ክትወርድ ተኣዚዛ፡ ድሒራ ድሙ ቀዳመይቲ ዝኣተወት ራሄል ዘርእሰናይ ዓወታ ተመንጢሉ። ብፍላይ ራሄል፡ ጉድለት እንተፈጺማ፡ ንምንታይ ኣቐዲሙ ስጉምቲ ዘይተወሰዱ፧ ንምንታይ ንጸወታ ርእያ ከምትሰኽና ተገይሩ።

ምስሓብ'ከ፡ ክሳብ ክንደይ ሜትሮ ወይ ኪሎሜተር እየን ተሳሒበን ዝበሃላ። እሞ ድሙ ግዜ ንምቑጣብ ተባሂሉ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ መውዳደሪ ቦታ ምስኣም ይኣትዋ ካብ ሃለዋ ደኣ፡ እንታይ ዘይገብራ። ደሱ ብቐድሚኦን እናሓለፉ ትም ኢለን ክሕልፉኦም እዩ ዘለወን። ብመኪና ተሳሒቡ/ሒቡ ድማ ይብሃል እምበር . . .።

ዓቕሚ ዘለወን ብሓባር ኣብ ርጋጽም እንተኾኑ ዝያዳ ረብሓ ከምዝለዎ እዩ ዝገልጽ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተቐዳዳሚት፡ ምስ ወዲ ተባዕታይ ተሓዊሳ ብምውድዳር (መብዝሕትኡ ኣብ ልምምድ ይራኸቡ እዮም)፡ ብዙሕ እያ ትረብሕ። ተመኩሮ ትቕስም፡ ርእሰ ተኣማንነትን ተጻዋርነትን ተዕቢ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ማእከል ውድድር ዝግበር ዝተፈላለየ ምንቅስቓስ (ማይን መግብን ምቕባልን ካልእን) ዝያዳ ካብኦም ተመኩሮ ዝለዎም ደቂ ተባዕትዮ እያ ትመሃር።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዛ ወርትግ ኣዛረብቲ ዝኾነት ጉዳይ ፍታሕ ክትረኽብ ሎሚ ዝያዳ ቀላሒታ የድልያ። ምኽንያቱ ኣሰር ደቂ ተባዕትዮ ክሕዛ ዝድልያ ዘለዋ ብቑጽሪ ውሑዳት ተቐዳደምቲ፡ ጠዘን ካልእን ሞራለን መታን ከይተንከፍ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት ኣብ ከባቢ ሞኖፖልዮ ካልኣይ መድረኽ ብምስልሳል ክዛዘም እዩ።

## ኒውካስል፡ ድሕሪ 65 ዓመታት ዋንጫ ኣልዒላ

### ኣሌክሳንደር፡ ዋጋኡ ዘበረኸ . . .

ኒውካስል፡ ሰንበት ምሸት ንመሪሒት ፕሪመር ሊግ ዝኾነ ሊቨርፑል ሰዒራ፡ ድሕሪ 65 ዓመታት ዋንጫ ኣልዒላ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዓመተ 2023 ኣብ ፍጻመ እዚ ውድድር በጺሓ፡ ኣብ ስታድዮም ዌምብለይ ብማንቸስተር ዩናይትድ 2-ብ0 ተሳዒራ ምንባራ ይዝከር። ብቐደማዊ ትማሊ ድማ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ስታድዮም ንናይ 2024 ዕውትቲ ናይ'ዚ ውድድር እያ ተፋሊማታ - ንሊቨርፑል።

ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሊቨርፑል ዝሓሸ ምንቅስቓስ ክትገብርን ዕድላት ክትፈጥርን ዝተራእየት ኒውካስል፡ እንግሊዛዊ ተኸላኻሊኣ ዳን በርን ኣብ ኣጋ ዕረፍቲ ብመኣዝን ንዝመጸት ኩዕሶ ጉጬዩ ተሰሪሑ ዘበረኸት ሹቶ ኣመዝጊቡ። ኒውካስል፡ ድሕሪ 25 ዓመታት እያ ኣብ ስታድዮም ዌምብለይ ሹቶ ኣመዝጊባ።

ቅድሚ ዕረፍቲ ባዶ ናይ ሹቶ ተኽእሎ ዝነበራ ሊቨርፑል፡ ነዛ ሹቶ ዘሕዊ ዓቕሚ ኣይነበራን - ግዜ ብምእካሉ ድማ ተመሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዝያዳ ውጽኢታዊት ዝነበረት ኒውካስል እያ። ብመገዲ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ሕቖ ሊቨርፑል ዝገተዘት ሹቶ ኣመዝጊባ።

ካብ ግምት ወጻኢ ኣዝዩ ልእምቲ ኮይና ዝምሰየት ሊቨርፑል፡ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ብመገዲ ተቐይሩ ዝኣተወ ፈደሪኮ ኪዛ ትንፋስ ዝዘርየም ሹቶ ኣቐጺራ ነይራ፡ እንተኾነ ግዜ ስለዘርከበ፡ ንውጽኢት ክትቅልብሶ ኣይከኣለትን። ኒውካስል፡ 2-ብ1 ተዓዊታ።





ጥንዴራ ኤርትራ፡ ኣብ ስታድዮም ዌምብለይ

ንመወዳእታ ግዜ ኣብ ሓምለ 1969 ዋንጫ ዘልዓለት ኒውካስል፡ ድሕሪ 65 ዓመታት እያ ጸዋእ ኣልዒላ። ናይ ወሸጢ ሃገር እንግሊዝ ጸዋእ ክተልዕል ግና፡ ድሕሪ 70 ዓመት ንፈለማ ግዜኣ እዩ፣ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1955 ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ ምስ ኣልዓለት እያ።

ጸምኢ ዋንጫ እዛ ጋንታ ዘጥለለ ዓላሚኣ ዲ ሃው ብወገኑ፡ ድሕሪ 2008 ናይ እንግሊዝ ጸዋእ ዘልዓለ ቀዳማይ እንግሊዛዊ ኮይኑ፣ ጉዳም ዓላሚ ሃሪ ሬድናፕ እዩ ናይ መወዳእታ ኮይኑ ጺኒሑ።

ብመንጽሩ ሊቨርፑል፡ 9 ለካቲት ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ብእትጻወት ፕሊይማውዝ 1-ብ0 ተሳዒራ ካብ ኤፍኤ ካፕ ቅድሚ ምእላያ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዋናጩ ኢዳ ንምንባር ዕድል ነይሩዋ። ዝሓለፈ ሰሙን ብፒኤስጂ ተሳዒራ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምእላያ፡ ጸዋእ ካራብኦ ካፕ ድሙ ብኒውካስል ብምምንጣላ፡ እኹ ተሪፋታ ዘላ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እያ።

ወጻኢተኛታት ኣሰልጠንቲ ዝያዳ ኣብ ዝስመዱሉ ከነሶ እግሪ እንግሊዝ ሆላንዳዊ ዓላሚኣ ኣርነ ስሎት ብወከሉ ቀዳመይቲ ዋንጫኡ ንምዕታር ንሰምንታት ክጸበ ተቐሲቡ ኣሎ። ሊቨርፑል፡ ብ12 ነጥቢ ንኣርሰናል ኣኽቲላ ንፕሪመር ሊግ ትቕልሶ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ብ10 ዋንጫ ካራብኦ ካፕ ኣብ ቀድሚት ክትሰርዕ እኽሉ ኒውካስል ቀዳመይቲ ዋንጫኣ ዓቲራ።

ኣሌክሳንደር፡ ዋጋኡ ዘበረኸት ምሸት ኣሕሊፉ

ኣቐዲሙ ዘመዝገቦ ሹቶ፡ ሓሊቓኣም - ጉማረስ ካብ ጸወታ ወጻኢ ብምንባሩ ዝተሰረዘዮ ኣሌክሳደር፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ብሉጽ ቁመና ምህላዉ ይፍለጥ። ዛጊት ኣብ ፕሪመር ሊግ ብ19 ሹቶታት ድሕሪ ሞ ሳላሕን ኤርሊን ሃላንድን ተሰሪዑ ዘሎ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ወሰንቲ ግጥማት ብዓበኡ ከኣ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ጽልዋኡ ዓቢ ምዃኑ ዘርእየላ ኣጋጣሚ እያ ነይራ እታ ምሸት እቲኣ። ዕድሉ ጸቢቑ ኸኣ ሹቶ ብምምዝጋቡ ካብ ከምኡ ኣጥቃዓይ ዝድለ ዕማም ካብ ምትግባር ዓዲ ከምዝይወፅል ብምርኣዩ ኑተን ደሮ ኣብ ራዳር ኣእትዮናኦ ዘለዋ ዓበይቲ ክለባት መልእኽቲ ኣመሓላሊፉለን ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ትራምፕ፡ ሎሚ ምስ ፑቲን ክዘራረብ እዩ




ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ከም መቋጸልታ ናይቲ ኲናት ዩክሬንን ሩስያን ንምብቃዕ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት፡ ሎሚ ሰሉስ ምስ ሩስያዊ መዘኡ ቭላዲሚር ፑቲን ብተሌፎን ተራኺቡ ክዘራረብ ምዃኑ ገሊጹ።

ትራምፕ ምስ ፑቲን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ትሕቲ ሩስያ ዝርከብ መሬትን ትካላት መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ዩክሬን ኣልዒሉ ክዘተ ምዃኑ እዩ ገሊጹ።

ንሱ ነዚ ዝገለጸ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ካብ ፍሎሪዳ ናብ ዋሽንግተን ኣብ ዝጕዓዘሉ ዝነበረ እዋን'ዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ መንጎኦም ክልተ ዓበይቲ መራሕቲ ዝግበር ርክብ ነቲ ሰለስተ ዓመቱ ኣሕሊፉ ናብ ራብዓይ ዓመቱ ዝሰገረ ዘሎ ደማዊ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ ኣንፈት ክህብ ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፍሉይ ልኡኽ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝኾነ ስቲቭ ዊትኮፍ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ምስ መራሕቲ ሩስያ ዝርርብ ንምክያድ ናብ ሞስኮ በጺሑ ምንባሩ ይፍለጥ።

ኣቐዲሙ ትራምፕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ ፑቲን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ተራኺቡ ክዘራረብ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝመጽእ 2 ሚያዝያ ተግባራዊ ክኸውን ኣሚሙዎ ዘሎ መደብ ምውሳኽ ቀረጽ ይደፍኣሉ ከም ዘሎ ይሕብር ኣሎ።

"2 ሚያዝያ ንሃገርና ሓራ ነውጽኣላ መዓልቲ እያ" ዝበለ እቲ ፕረዚደንት፡ "ገለ ካብ'ቲ ዓያሹ መራሕቲ ኣመሪካ እንታይ ይገብሩ ከምዝነበሩ ከይፈለጡ ንኻልእ ኣሕሊፎም ዝሃብዎ ሃብቲ ሃገርና ንመልሶ ኣለና" ክብል፡ ናብ ፕረዚደንት ኦባማን ባይደንን ዝቐንዐ ዘለፋ ኣሰሚዑ።

## ፈነወ ድምጺ ኣመሪካ ኣቋሪጹ

ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ ንሰራሕተኛታት ማዕከን ድምጺ ኣመሪካ (ቪ.ኦ.ኤ) ካብ ስራሕ ናይ ምፍናው ስጕምቲ ክወስድ ከምዝጀመረ ይሕብር ኣሎ።

እቲ ምምሕዳር፡ ማሰርሒ በርክራሲ ንምቕርጣውን ወጻኢታት መንግስቲ ንምጕዳይን ብዝወሰዶ ዘሎ ስጕምቲታት፡ ድምጺ ኣመሪካ ንእትርከበን - ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወላ ብርክት ዝበላ መራኸቢታት ብዙሓን ካብ ፈነወ ማዕበል ደው ይብላ ኣለዋ።

በዚ መሰረት፡ ድምጺ ኣመሪካ'ውን ዝሓለፈ ሰንበት 16 መጋቢት ካብ ፈነወ ማዕበል ደው ኢላ ኣላ።

እዚ ስጕምቲ'ዚ፡ ድሕሪ'ቲ ትራምፕ ዝሓለፈ ዓርቢ ከም ሬድዮ ፍሪ ኤውሮጳን ሬድዮ ፍሪ ኤሲያን ዝኣመሰላ ሽዱሽተ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወላ ፈነወታት ሬድዮ ደው ክብላ ምውሳኑ እዩ ዝወሰድ ዘሎ።



ምምሕዳር ትራምፕ ናብ'ቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለኣኾ ናይ ኢመይል መልእኽቲ፡ ንብረቶም ክሰዕ ዝመልሱ ዝኾነ ምስቲ ትካል ዝተሓሓዝ ነገራት ከይጥቀሙ፡ ተወሳኺ መምርሒ እንተዝህልዩ ድማ ብናይ ውልቆም ቴሌፎንን ኢመይልን ክለኣኸሎም ምዃኑ ከም ዝገርም እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ንልዕሊ 1300 ሰራሕተኛታት ቪ.ኦ.ኤ ዕረፍቲ ክወስዱ መምርሒ ሂቡዎም ዘሎ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ምሸት ንድምጺ ኣመሪካ ዝምሕድር ኤጀንሲ ዓለም-ለኻዊ መራኸቢታት ዝርከበን ሸውዓተ ኣካላት መንግስቲ፡ ከም ከተታቱ ናይ ምዕጻውን ምቕናስን ስጕምቲ ክወሰደን ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ድምጺ ኣመሪካ፡ ካብ 1 ለካቲት 1942 ኣትሒዛ ክሳብ 16 መጋቢት 2025 ንኣስታት 83 ዓመት ኣብ ማዕበል ምጽንሓ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## መቄዶንያ - ኣብ ቤት-ትልሂት ብዝተፈጥረ ባርዕ 59 ሞይቶም

ኣብ ሰሜን መቄዶንያ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሓደ ቤት-ትልሂት ብዝጋጠመ ባርዕ ሓዊ ብውሑዱ 59 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 155 ሰባት ድማ ቈሲሎም።

እቲ ፍጻመ፡ ካብ ስኮፕየ - ርእሲ ከተማ'ታ ሃገር ንምብራቕ ኣስታት 100 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ'ዩ ኣጋጢሙ።



ፖሊስ፡ ምስቲ ሓደጋ ምትእስሳር ከምዘለዎም ዝጠርጠሮም 15 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ ሰበስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ኮቺ ዝተባህለት ከተማ'ዩ ብኣቆጻጽራ እታ ሃገር ከባቢ ሰዓት 02:30 ናይ ለይቲ ኣጋጢሙ።

ኣብቲ ቤት-ትልሂት ክልተ ህቡባት ናይ 'ሂፕ ሆፕ' ደረፍቲ ዝርከቡዎም ኣስታት 500 ሰባት ንምዝንጋዕ ተኣኪቦም ምንባሮም'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሓደ ኣባል ናይታ ባንድ ብህይወት ከምዝተረፈን ኣብ ሆስፒታል ይሕከም ከም ዘሎን ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር ፓንች ቶስኮቭስኪ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ጥርጡራት መርመራ ክግበረሎም ምዃኑ ብምግላጽ፡ ምስቲ ባርዕ ዝተኣሳሰር ገበንን ብልሽውናን ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ቤት-ትልሂት ሕጋዊ ናይ ስራሕ ፍቓድ ከምዘይነበሮ'ውን ሓቢሩ።

ቅድሚ ሕጂ እቲ ቤት-ትልሂት መኽዘን ምንባሩ ዝሓበሩ ሰብ መዚ እታ ሃገር፡ እቲ ህንጻ ኣብ እዋን'ቲ ሓደጋ ሓደ መውጽኢ ኣፍ-ደገ ጥራይ ከምዝነበሮን ዳሕረዋይ ማዕጾኡ ተዓጽዩ ስለዝነበረ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከምዘይከኣለን ገሊጹ።

## ድሙቕ ቍጠባ ቻይና

ቻይና፡ ካብ 5 ክሳብ 11 መጋቢት 2025፡ 3ይ ኣኼባ ናይ መበል 14 ህዝባዊ ሃገራዊ ጉባኤ፣ ከምኡ'ውን ናይ መበል 14 ሃገራዊ ኮሚቴ ዋዕላ ፖለቲካዊ ምምኽኻር ህዝቢ ቻይና ብዓወት ምኽያዳ ይዝከር። እዚ ክልተ ኣኼባታት'ዚ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ምዕባለን ኣብ ምርዳእ ቍጠባዊ ኵነታትን እታ ሃገር፡ ኣገዳሲ ፍጻመ ኮይኑ፡ ኣድህቦ መላእ-ዓለም ክስሕብ ክኢሉ ከምዝሎ ይግለጽ። ገለ ካብኡ ድማ፦

- ኣብ 2024፡ ድምር እኩብ ቍጠባ ቻይና፡ ልዕሊ 130 ትሪልዮን ኣር.ኤም.ቢ (RMB) ክበጽሕ ከሎ፣ 5% ዓመታዊ ዕብየት ከኣ ኣመዝጊቡ። በዚ ኸኣ፡ ቻይና ኣብ ዕብየት ቍጠባ ዓለም፡ 30% ኣበርኪቶ እናገበረት፡ መልሕቕ ምርግጋእን ደፋኢ-ሓይልን ቍጠባ ዓለም ኰይና ከምዝቐጸለት ተገሊጹ።
- ብቐዓት ዘለዎ ሓድሽ ዓያዪ ሓይሊ፡ ቻይና ብቐጻሊ ይሰምዑብ ብምህላው፡ ስትራተጂያዊ ምህዞ ቻይና፡ ኣብ መዳይ ጠፈራዊ ምርምር፡ ኣብ ሓምላይን ትሑት-ካርቦንን ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ሰብ-ዝሰርሖ ኣእምሮ (AI)፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምስናዕ ምዕቡል መሳርሒታት፡ ብቐዓት ዘለዎ ምዕባለ ይፈጥር ከምዘሎ ድማ ጸብጻባት የረድኡ። ቻይና፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ርሑቕ ክፋል ወርሕን ፕላኔት ማርስን ዝተኻየደ ናይ ፈለማ ፈተነን ብዓወት ዝወነጨፈቶ ናይ መጀመርያ ሻዱሻይ ትውልዲ (6G) ሳተላይትን ድማ ናይ'ዚ ምስክር ምዃኑ ተሓቢሩ።
- ብቐጻሊ እናዓበየ ዝመጽእ ትሕተ-ቅርጺ ጸዓት ቻይና፡ ኣብ 2024፡ ጸዓት ናይ ምፍራይ ዓቕሚ እታ ሃገር፡ ልዕሊ 30 ሚልዮን ኪሎ ዋት በጺሑ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ልዕሊ 1 ትሪልዮን ኣር.ኤም.ቢ (RMB) በጺሑ ዘሎ ሰደድ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ተሽከርከርቲ፡ ሊትየም ዝዓይነቱ ባተሪታትን ፍርያት ተሓዲሰ ጸዓትን ድማ፡ ካብ'ቲ ተወሳኺ ገጽታ ምዕባለን ቻይና ምዃኑ ተገሊጹ።
- ቻይና፡ ኣብ'ዚ ንውጥን ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመት ዝዛዘመ መበል 14 ጉባኤ ኣዘዝ። ንመበል 15 ጉባኤ ዝኸውን ውጥን ኣጽዲቓትሉ ዘሎ ዓመት 2025፡ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ዓቢ ተኽእሎ ዘለዎ ሽርክነታዊ ጸምዶ ክህልዋ ትጽቢት ይግበር።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ሑቲ መጥቃዕቲ ተካይድ

ኣመሪካ፡ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ከተማ ሰንዓ ንዘጠቓልል ሰፈሕ ከባቢታት የመን ተቘጻጺሩ ዝርከብ ብ'ሑቲ' ዝፍለጥ ሓይሊ ጽዑቕ ደብዳብ ከምዘካየደት ኣፍሊጣ።

ምዕራብ ውሑስ ንምግባር ምዃኑ'ያ ትገልጽ።

ይኹን'ምበር፡ መራሒ ሑቲ ዓብዱል-መሊኽ ኣልሑቲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ የመን እተካይዶ



ቡቲ ኣል-ጃወፍን ሑደይዳን ኣብ ዝተባህለ ከባቢታት ዝተኻየደ 'ሓያልን ወሓዚን' ዝበሎ መጥቃዕቲታት ኣየር፡ ሓሙሽተ ህጻናትን ክልተ ኣደታትን ዝርከቡዎም 53 ሰባት ከምእተቐትሉን ካልኦት 98 ድማ ከምዝቘሰሉን'የም ሰብ መዚ ሑቲ ዝገልጹ ዘለዉ።

እቲ መጥቃዕቲ ኽኻ ይቕጽል ከምዘሎ ዝሓበረ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ፡ ቀንዲ ሓለፍቲ ናይቲ ዕጡቕ ሓይሊ ከምእተቐትሉ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ኣመሪካ፡ ዕላማ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ድሕነት ናይ'ተን ብዓለምዊ መስመር ቀይሕባሕሪ ዝመላለሳ ንግዳውያንን ወተሃደራውያንን መራኽብ ሃገራት ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ጠቕሊላ ደው ክሳብ ዘብላቶ፡ ቡቲ መስመር ንዝመላለሳ መራኽብ ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲታት ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽሉዎ ምዃኖም ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ቀዳም'ያ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብኢራን ከምዝድገፉ እትገልጾም ዕጡቓት ሓይልታት ደብዳብ ከተካይድ ጀሚራ።

እቶም ዕጡቓት፡ እስራኤል ንወሽመጥ ቃዛ ብዓይኒ ብለይ ሲ ብለይ ክትድኅብድብ ምስ ጀመረት'የም ንፍልስጤማውያን ደገፎም ንምግላጽ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ-ባሕሪ ዝመላለሳ ንግዳውያን መራኽብ እስራኤል፡ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን መጥቃዕቲታት ክካይዱ ጀሚሮም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 18/3/25 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45፡ ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565